# ወጋሕታ

ኢንድ

4ይ ዓመት ቑፅሪ 23 10 ሚያዝያ 2016 ዓ.ም ሓሙስ ብር 10.00




# ምስጋር ዓሳ ኣብ ሩባ ተከዘ

መሰረት ገብረዮሃንስ

ተከዘ፡- ሓይሊ መፈልፈሊ ግድብ ተከዘ ሓይሊ ካብ ምፍልፋል ብዝሓለፈ ነበርቲ እቲ ኸባቢ ንዓመታት ዕድል ስራሕ ብምፍጣር ናብረኦም እናቐየረ ይርከብ።

ስራሕ መካየዲ ሓይሊ ሰብን ንብረትን ጠቕላላ ግልጋሎት ጣብያ ሓይሊ መፈልፈሊ ተከዘ ኣይተ መኮነን ገብረሊባኖስ ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ ፤ ኣብዚ ሓይሊ መፈልፈሊ ኣብ ትሕቲኦም ካብ ሰላሳ ክሳብ ሓምሳ ኣባላት ዘለዉዎ ሸውዓተ ማሕበራት ኣለዉ ። ነዚኦም ማሕበራት መሰረታዊ ዝኾነ ንስራሕ ዘድልዮም ናውቲ ካብ ገዛ ጀሚሩ ንዓሳ ስራሕ ዘድልዩ ፍሪጅ ብምሃብን ተወሳኺ ድማ ነፃ ናይ ማይን መብራህትን ግልጋሎት ተጠቃሚ ንክኾኑ ገይሩ 'ዩ ክብሉ ገሊፆም ።

በዚ ስራሕ ዓሳ ክሳብ መኪና ገዚኦም ባዓል ሃፍቲ ዝኾኑ ኣካላት ኣለዉ ዝበሉ ኣይተ መኮነን ፤ እዞም ማሕበራት በቢ ዓመቱ ንሓምሳ መናእሰይ ስራሕ ዕድል

ምስጋር...6

# ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ስርቂ ናውቲ ኤሌክትሪክ ኣብ ምክልኻል ክሕግዘና ይግባእ

መሰረት ገብረዮሃንስ

መቐለ፡- ኣብ ትግራይ ዘጋጥም ዘሎ ስርቂ ናውቲ ኤሌክትሪክ ንምክልኻልን ንምፍታሕን ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ክሕግዝ ይግባእ ክብሉ ኣብ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ኢትዮጵያ ሪጅን ሰሜን ዳይሬክተር መምርሒ መተሓላለፊ መስመርን መከፋፈሊ ጣብያ ኦፕሬሽንን ፅገናን ኣይተ ሮቤል ገ/እግዚኣብሄር ገሊፆም።

ኣይተ ሮቤል ምስ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ(ትፕኢ) ኣብ ዝነበሮም ፃንሒት ከምዝበልዎ ፤ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ክሕግዘና እንደልዮ ስርቂ ኣብ ዝሓለፉ ኽልተ ዓመታት ዓብይ ጉድኣት ብምብፅሑ፤ ከምዚ እንድሕር ቀፂሉ ንሕብረተሰብ 'ውን እኹል ኤሌክትሪክ ንምሃብ ስለንፅገም ኣብ ምክልኻል ክኽግዝ ይግባእ።

በቢ እዋኑ እዞም ስርቂ ዘጋጥሞም ኸባቢታት ኣብ ዓመት ኽልተ ግዜ ዝነበረና ፍተሻ ናብ ኣርባዕተ ሓሙሽተ ብምግባር ከይድና እናፅገና 'ምበር በቲ ኣጋጢሙ ዝነበረ ስርቂ እኹል ኤሌክትሪክ ንምሃብ ኣፀገሚ 'ዩ ኢሎም።

በቢ ወረዳን ጣብያን ዝርከቡ ኣመሓደርቲ ኾነ ነበርቲ እዚ ንብረት መንግስቲ እንድሕር ሓለዋ ዘይገይሮምሉ በቢ እዋኑ ግልጋሎት ምቁርራፅ ሓይሊ ምግጣሙ ኣይተርፍን ዝበሉ ኣይተ ሮቤል ፤ እዚ ድማ መንግስቲ ሓላፍነት ወሲዱ ክሕግዘናን ኣብ ማሕበረሰብ ድማ ግንዛበ ምፍጣር የድሊ ኢሎም። ንሕና ግና ከም ሪጅን ኣብዚ ዘሎ ማሕበረሰብ ዘይተቖራረፀ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ንክረክብ ብዝኻኣልናዮ መጠን እናሰራሕና ኢና ክብሉ ኣብሪሆም።

እዚ ምሉእ ብሙሉእ ንምቕራፍ ብሪጅን ዓቕሚ ጥራሕ ዝፍታሕ ኣይኮነን፤ ብምኽንያት ኹናት ዝዓነወ መስመራት ክቕየሩ ይግባእ ፤ ጉድኣት ዝበፅሖም መከፋፈሊ

«ግዝያዊ...6

# 10 ሚሊዮን ኩንታል ድኹዒ ሓመድ ካብ ወደብ ጅቡቲ ናብ ውሽጢ ሃገር እናተጉዓዓዘ 'ዩ

በሪሁ ኣረጋ

ኣዲስ ኣበባ፡- 10 ሚሊዮን ኩንታል ድኹዒ ሓመድ ካብ ወደብ ጅቡቲ ናብ ውሽጢ ሃገር እናተጉዓዓዘ ምኳኑ ሚኒስቴር ግብርና ኣፍሊጡ። ንዘመን ምህርቲ 2016/17 ዓ.ም ብሓፈሻ ልዕሊ 19 ሚሊዮን ኩንታል ድኹዒ ሓመድ ዕድጊት ተፈፂሙ ኣሎ።

ፈፃሚ ስራሕ ርክብ ህዝብን ኮሙዩኒኬሽንን ሚኒስቴር ግብርና ኣይተ ከበደ ላቀው፣ንዘመን ምህርቲ 2016/17 ዓ.ም ዕድጊት 19 ነጥቢ ኣርባዕተ ሚሊዮን ኩንታል ድኹዒ ሓመድ ተፈፂሙ ኣሎ።

10 ሚሊዮን...6

# ብሓገዝ ኣካልን ተሃድሶ ሕክምና ግልጋሎትን ዙርያ ትኹረት ዝገበረ ኢግዝቢሽን ኣብ ከተማ መቐለ ተኸፊቱ

መሰረት ገብረዮሃንስ



ኣዲስ ኣበባ፡- ብሓገዝ ኣካልን ተሃድሶ ሕክምና ግልጋሎት ዙርያ ትኹረት ዝገበረ ኤግዝቢሽን ኣብ ከተማ መቐለ ተኸፊቱ ።

ኣብቲ መኽፈቲ ተረኺቦም መደረ ዝገበሩ ሚኒስትር ዴኤታ ሚኒስቴር ጥዕና ዶክተር ደረጀ ዱጉማ ከምዝበልዎ፣ ሚኒስቴር ጥዕና ንኣካል ሓገዝ ግልጋሎት፤ ንሰብ ስራሕን ንሕክምና ተሃድሶ ትኹረት ብምሃብ እናሰርሐ ከምዝኾነ ኣልዒሎም ብፍላይ ናይ ሓሙሽተ ዓመት መሪሕ ትልሚ ብምውፃእ ንኣካል ሓገዝን ንተሃድሶ ሕክምና መውሃቢ ተባሂሎም ዝተዳለዉ ትካላት ብምምሕያሽን ብምጥንኻርን ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዙ ስራሕቲ ንክስርሑ

ብሓገዝ ኣካልን ... ገፅ 6



ሃገራዊ ዘተ ጥዕናን ዑደት ስራሕን ኣብ ከተማ መቐለ ገፅ 4



«ዘይተቖራረፀ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ንክረክብ ከም ሪጅን ብዝኻኣልናዮ መጠን እናሰራሕና ኢና»

- ኣይተ ሮቤል ገ/እግዚኣብሄር

ገፅ 5

ወጋሕታ **ዜና**

# መጠን ፅድቀት ፈልስታት ሓምለዋይ ዓሻራ ልዕሊ 90 ሚኢታዊ በፂሑ

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ሓምሻይ ዓመት መርሃ ግብሪ ሓምለዋይ ዓሻራ ዝተተኸሉ ፈልስታት መጠን ፅድቀቶም 90 ነጥቢ ኣርባዕተ ሚኢታዊ ከምዝበፅሐ ሚኒስቴር ግብርና ኣፍሊጡ።

ኣብ ሚኒስቴር ግብርና ኣብ ልምዓት፣ ሓለዋን ኣጠቓቕማን ሃፍቲ ተፈጥሮ ሓላፊ ዴስክ ሓለዋ ስነ-ህይወታዊ ሓመድን ማይን ሕርሻ ጥሙር ደኒን ኣይተ በፍቃዱ ብርሃኑ ንትፕኢ ከምዝገለፅዎ፣ ኣብቶም ኣብቲ ሓምሻይ ዙር ዝተተኸሉ ፈልስታት ፈላማይ ዙር ምዘና ፅድቀት ተገይሩ። በዚ 'ውን መጠን ፅድቀት እቶም ፈልስታት 90 ነጥቢ ኣርባዕተ ኾይኑ ኣሎ።

ምዘና ፅድቀት ተኽልታት ዝስራሕ ኣብ ዓመት ኽልተ ግዜ ከምዝኾነ ዝተዛረቡ ኣይተ በፍቃዱ፣ እቲ ዝተመዝገበ 90 ነጥቢ ኣርባዕተ ሚኢታዊ መጠን ፅድቀት ካብቲ ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ዝሓሸ ውፅኢት ዝተረኣየሉ ምኽኑ ኣብሪሆም።

ከምገለፃ እቶም ሓላፊ፣ እቲ መጠን ፅድቀት ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናወሰኸ እንትኸውን፣ ቅድሚ ሕዚ በቢዓመቱ ኣብ ዝነበረ ምዘና መጠን ፅድቀት ኣብ 80ታት ውሽጢ 'ዩ ነይሩ። እቲ ናይ ሎሚ ዓመት ቑፅሪ ልዕል ምባሉ ሕብረተሰብ ብስምዒት ወናንነት ከምዝሰርሐ ዘመላኽት 'ዩ።

ኣብ ስራሕቲ ክንክን ፈልስታት ብጠመተ እናተሰርሐ ምኽኑ ዝገለፁ ኣይተ በፍቃዱ፣ መጠን ፅድቀት ፈልስታት ኣብ ፈላማይ ዙር ካብ ዝነበረ እናተመሓየሸ ምምፅኡ ተዛሪቦም።

እዚ 'ውን ሕብረተሰብ ፈልሲ ተኺሉ ምግዳፍ ጥራሕ ዘይኮነስ ክከናኸን ከምዝለዎ ኣሚኑ እናሰርሐ ምኽኑ የርእይ ኢሎም።

ሕብረተሰብ ዝተኸሎም ፈልስታት ንኽከናኸን 'ውን ግንዛበ ናይ ምዕባይ ንጥፈታት ብዝተፈላለዩ መገድታት እናተሰርሑ ከምዝነበሩ ኣፍሊጦም።

እቶም ሓላፊ ከምዝበልዎ፣ ብሓሙሽተ ዙር 32 ቢሊዮን ዝኾኑ ዘፈር ብዙሕ ረብሓ ዘለዎም ፈልስታት ተተኺሎም። እቶም ዝትከሉ ነባሪ ኣየር ክፃወሩ ዝኽእሉ ዓሌታትን ቁጠባዊ ፀገም ማሕበረሰብ ክፈትሑ ዝኽእሉ ከም ፍራምረ ዝበሉን ንምግብነት ክውዕሉ ዝኽእሉን ፈልስታት 'ዮም።

ናብ ወፃኢ እናተለኣኸ ዝርከብ ፍርያት ኣቮካዶ ሓዊሱ ዝለዓለ ፍርያት ፍራምረ ብመርሃ ግብሪ ሓምለዋይ ዓሻራ ምስኻዕ ከምዝተኽኣለ 'ውን ኣተሓሒዞም ገሊፆም።

መርሃ ግብሪ ሓምለዋይ ዓሻራ ካብ ዝጅመር ንሓሙሽተ ዓመት ዝኣክል ፈልሲ ምትካል ከምዝተኽኣለ ገሊፆም፣ ነዚ መርሃ ግብሪ ምክያድ መማረፂ ወይ ድማ ተወሳኺ ስራሕ ዘይኮነስ ሕቶ ምንባርን ዘይምንባርን 'ዩ ኢሎም።

ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ካብ ዘሎ ሽፋን ደኒ ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓውያን ካብ 1960ታት ክሳብ 80ታት ሰለስተ ርብዒ ዝኸውን ደኒ ከምዝሰኣነት ብምግላፅ፣ ዝለዓለ ምምንማን ሃፍቲ ተፈጥሮ በፂሑ ከምዝነበረ መፅናዕትታት ከምዝሕብሩ ተዛሪቦም።

ፅንሕ ኣብ ዝበሉ ግዜታት ድርቂ ኣብ 10 ዓመት ሓደ ግዜ ይፍጠር ከምዝነበረ ሓቢሮም፣ ኣብዚ ሕዚ እቲ ግዜ እናፀበበ ካብ ሓሙሽተ ክሳብ ሸውዓተ ዓመታት ኣብ ዘሎ ግዜ ውሽጢ እናተፈጠረ ከምዝርከብ ኣገንዚቦም።

እዚ 'ውን ለውጢ ነባሪ ኣየር ክንደየናይ ፅዕንቶ እናፈጠረ ምኽኑ ዘርእይ ምኽኑ ብምሕባር፣ ትግበራ ሓምለዋይ ዓሻራ ጉዳይ ህልውና 'ምበር ጉዳይ ተወሳኺ ድልየት ከምዘይኮነ ተሰሚሩሉ እናተሰርሐ ይርከብ ኢሎም።

እቶም ሓላፊ ኣተሓሒዞም 'ውን ኻልኣይ ምዘና መጠን ፅድቀት ንምግባር ምድላው እናተገበረ ከምዝርከብ ገሊፆም።





# ሃገርለኸ ኤግዚቪሽንን ባዛርን ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ኣብ ከተማ መቐለ ክካየድ'ዩ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ከተማ መቐለ ንዝካየድ ሃገርለኸ ማሕበራት ስራሕ ሕብረት ባዛርን ኤግዚቪሽን ምድላው ከምዝተዛዘመ ናይቲ ክልል ኤጀንሲ ማሕበራት ሕብረት ስራሕ ኣፍሊጡ።

ብምትሕብባር ኮምሽን ስራሕ ሕብረት ኢትዮጵያን ኤጀንሲ ማሕበራት ሕብረት ስራሕ ክልል ትግራይ ካብ12-19 2016 ዓ.ም ዝፀንሕ ሃገርለኸ ባዛርን ኤግዚቪሽን ኣብ ከተማ መቐለ ክካየድ 'ዩ።

«ህብር ባዛርና ኢግዚቪሽን » ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ዝካየድ እዚ ባዛርን ኢግዚቪሽንን ኣመልኪቱ ናይ ኽልቲኦም ትካላት ሓለፍቲ ስራሕ ኣብ ዝሃብዎ ጋዜጣዊ መግለፂ፣ ምድላው ከምዝተዛዘመ ተዛሪቦም።

ሓላፊ ኤጀንሲ ማሕበራት ሕብረት ስራሕ ክልል ትግራይ ኣይተ ነጋ ኣሰፋ ኣብቲ ባዛርን እግዚቪሽንን ካብ መላእ ሃገር ዝተውፃፅኡ ልዕሊ 200 ማሕበራት ምህርቶምን ግልጋሎቶምን ሒዞም ክቐርቡ 'ዮም ኢሎም።

ምንቅስቃስ ኢኮኖሚ፣ እቲ ዘፈር ንምንቅቃሕን ብድርቕን ብኻልኦት ምኽንያት ኣብቲ ክልል ዝተስውዓሉ ሕፀረት ኣቕርቦት ምህርቲ ንምቅላል ዝሕግዝ 'ዩ ኢሎም።

ናይቲ ክልል ማሕበራት ሕብረት ስራሕ ካብ ኹሉ ክልላት ካብ ዝተውፃፅኡ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ምትእስሳር ዕዳጋን ዘላቒ ርክብ ፋይናንስ ንምጥንኻር ምቹው ኩነታት ከምዝፈጥር ገሊፆም። ነዚ ኤግዚቪሽን ምስኻዕ ሓገዝ ዝገበሩ መዳርግቲ ኣካላት ምስጋና ኣቕሪቦም።

ምክትል ኮምሽነር ኮምሽን ሕብረት ስራሕ ኢትዮጵያ ሺሰማ ገብረስላሴ፣ ካብቲ ባዛርን ኤግዚቪሽንን ጎኒ ንጎኒ ዘፈር ስራሕ ሕብረት ፀገማትን መፍትሒኦምን ትኹረት ዝገበሩ ዘተ ክካየዱ 'ዮም። ፅቡቕ ተመክሮ ዝቐርቡልን ናይቲ ዘፈር ናይ ምህርቲ ቴክኖሎጂዎች ዝፋለጥሉ ብምኻኑ ነቲ ግብርና ዘፈር ዘመናዊ ንምግባር ዝግበሩ ፃዕርታት ከምዝሕግዝ ገሊፆም።



# ብ500 ሚሊዮን ዶላር 14 ፕሮጀክትታት መከፋፈሊ ሓይሊ ክስርሑ 'ዮም

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ብ500 ሚሊዮን ዶላር በጀት 14 ጣብያታትን መስመራትን መከፋፈሊ ሓይሊ ከምዝስርሑ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ። ብተወሳኺ 'ውን ዝተፈላለዩ ፅገናን ሕድሳትን ዝደልዩ ጣብያታት ፍልፍልን መከፋፈልን ሓይሊ ናይ ምሕዳስ ንጥፈታት እናተሰርሑ ምኻኖም ተገሊፁ።

ዋና ፈፃሚ ስራሕ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ኢትዮጵያ ኢንጂነር ኣሸብር ባልቻ ከምዝገለፅዎ፣ 14 ፕሮጀክትታት መከፋፈሊ ሓይሊ ክስርሑ 'ዮም። እቶም ፕሮጀክትታት ካብ ባንኪ ዓለም ብዝተረኸበ ድጋፍ ገንዘብ ዝስርሑ እንትኸውን ልዕሊ 500 ሚሊዮን ዶላር በጀት ተታሒዙሎም።

ኣብዚ ሕዚ ስራሕቲ ቅድሚ ምድላው እናተሰርሑ ይርከቡ ዝበሉ ኢንጂነር ኣሸብር፣ እቶም ፕሮጀክትታት ኣብ ዝቕፅሉ ሰለስተ ዓመታት ውሽጢ ተሰሪሖም ከምዝዛዘሙ ሓቢሮም።

እቶም ፕሮጀክትታት ግልጋሎት ኤሌክትሪክ ኢትዮጵያ ንዝሰርሖም 'ውን ዘካትቱ ብምኻኖም በዚ 'ውን ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ፀገም ብምቕራፍ ካብ ተበፃሕነት ኣንፃር ንዝለዓሉ ሕቶታት ክምልሱ ዝኽእሉ ምኻኖም ኢንጂነር ኣሸብር ተዛሪቦም።

ፀገም ምቁርራፅ ኤሌክትሪክ ዝፍጠር ምስ ምፍልፋል ሓይሊ ተተሓሒዙ ዘይኾነስ ምስ ፅገናን ዕንወትን መሰረተ ልምዓት ተተሓሒዙ 'ዩ ዝበሉ ኢንጂነር ኣሸብር፣ ነዚ ፀገም ንምቕራፍ 'ውን ሕድሳት መመሓላለፊታት ሓይሊ እናተኻየደ 'ዩ ኢሎም።

መፈልፈሊ ሓይልታት እንትስርሑ ካብ 50 ክሳብ 100 ዓመት ክፀንሑ እንተኽኣሉ 'ውን ኣብ ኤሌክትሮ መካኒካል ዘለዉ ኣቑሑት በቢ 20 ዓመት ክሕደሱ ከምዘለዎም ሓቢሮም።

ኢትዮጵያ ካብ ፀሓይን ሃፋን ክሳብ 10 ሽሕ ሜጋ ዋት ናይ ምፍልፋል ዓቕሚ ከምዘለዋ ዝገለፁ እቶም ዋና ፈፃሚ ስራሕ፣ ብተወሳኺ 'ውን ፕሮጀክት መፈልፈሊ ኤሌክትሪክ ኮይሻ ኣብ ፅቡቕ ኣፈፃፅማ ከምዝርከብን ዛጊድ 'ውን 65 ሚኢታዊ ዝኸውን ከምዝተዛዘመን ተዛሪቦም።

ኣብዚ ሕዚ ሕድሳት ዝደልዩ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ሓይሊ ምህላዎም ኣልዒሎም፣ ፍልፍል ሓይሊ ተከዜ ኣብ ሕድሳት ከምዝርከብ ኣረዲኦም።

ኢንጂነር ኣሸብር፣ እቲ ትካል ካብ መሸጣ ኤሌክትሪክ ወፃኢ ዝረኽቦ ኣታዊ ንፍልፍል ሓይሊ ኤሌክትሪክ ኮይሻን ኻልኦት ሕድሳት ዝደልዩ መፈልፈልታትን መከፋፈልታትን ሓይሊ እናውዓለ ከምዝርከብ ኣተሓሒዞም ገሊፆም።

እቲ ትካል ኣብ ቀረባ ካብ ባንኪ ዓለም ዝረኸቦ ኽዉንነት ነዞም ፕሮጀክትታት ንምስኻዕ ብፅሒቱ ከምዝዋፃእ ኢንጂነር ኣሸብር ኣመላኺቶም።

# ኣብ ኸቢድ ኩነታት ዝርከቡ 70 ሽሕ ዝኾኑ ዜጋታት ናብ ሃገሮም ንምምላስ ስራሕ ተጀሚሩ

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ስዑዲ ዓረብ ኣብ ኸቢድ ኩነታት ውሽጢ ዝርከቡ 70 ሽሕ ዝኾኑ ዜጋታት ናብ ሃገሮም ናይ ምምላስ ስራሕ ተጀሚሩ።

መንግስቲ ብሳልሳይ ምዕራፍ ዜጋ ተኮር ዲፕሎማሲ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ኣብ ኸቢድ ኩነታት ውሽጢ ንዝርከቡ 70 ሽሕ ኢትዮጵያውያን ናብ ሃገሮም ንምምላስ ስራሕ ንምጅማሩ ስዒቡ ንደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን ሓዊሱ ዜጋታት ናብ ሃገሮም ክምለሱ ጀሚሮም ኣለው። እቶም ተመለስቲ ኣብ ዓለም ለኸ መዕርፎ ነፈርቲ ቦሌ እንትበፅሑ ወሃቢ ቓል ሚኒስቴር ጉዳይ ወፃኢ ነብዩ ተድላን ኻልኦት ሓለፍቲ ስራሕ መንግስትን ኣቀባብላ ገይሮምሎም።

ወሃቢ ቓል ሚኒስቴር ጉዳይ ወፃኢ ነብዩ ተድላ ኣብቲ ስነ-ስርዓት ከምዝተዛረብዎ፣ ዜጋታት ናብ ሃገሮም ናይ ምምላስ ስራሕ ንምጅማር ን16 መንግስታዊ ትካላት ብኣባልነት ዝሓቑፈ ብሄራዊ ኮሚቴ ተጣይሹ ካብ ዝሓለፈ ሰሙን ጀሚሩ ናብ ስዑዲ ዓረብ ብምኻድ ምስ ላዕለዎት ሓለፍቲ ስራሕ መንግስቲ እታ ሃገር ምኽክር ተገይሩ።

ኣብ ቤት ማእሰርቲ ስዑዲ ዓረብ ንዝርከቡ ሰነድ ዘይብሎም ዜጋታት ናብ ሃገሮም ንምምላስ ንተኸታተልቲ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ብሰሙን 12 በረራ ኣውሮፕላን ከምዝግበር እቶም ወሃቢ ቓል ገሊፆም።

እቶም ወሃቢ ቓል፣ ኣብ ኣብያተ ማእሰርትን መፅንሒ ቦታታትን ስዑዲ ዓረብ ዝነበሩ 842 ኢትዮጵያውያን ኣብ ዝሓለፈ ቀዳም ብዝተገበሩ ክልተ ዙር በረራታት ናብ ሃገሮም ክምለሱ ምኽኣሎም ሓቢሮም።

ነቶም ዝተመለሱ ዜጋታት ግዝያዊ መዕረፊ ቦታ ከምዝተዳለወሎምን ግቡእ ድጋፍን ክንክንን ብምግባር ምስ ስድራቤቶም ምሕዋስ ከምኡ 'ውን በቢ ክልላት ዕድል ስራሕ ተፈጢሩሎም ህይወቶም ብዝሓሸ ኩነታት ንምምራሕ ንክኽእሉ ከምዝግበር ተገሊፁ።

ኣብ ስዑዲ ዓረብ ኣብ ከቢድ ኩነታት ውሽጢ ዝነበሩ ናብ ሃገሮም ዝተመለሱ መናእሰይ ብወገኖም፣ ዝሓሸ ህይወት ንምምራሕ ብዝብል ብዘይሕጋዊ መገዲ ካብ ሃገሮም እንተወፅኡ 'ውን ንብርኽት ዝበሉ ኣዋርሕ ኣብ ኸቢድ ኩነታት ውሽጢ ከምዝነበሩ ገሊፆም። ኣብ ቐፃሊ ካብ ካብ ጌጋኦም ተኣሪሞም ኣብ ሃገሮም ሰሪሖም ክልወጡ ከምዝደልዩን ነዚ 'ውን መንግስቲ ዕድል ስራሕ ንኸመቻችወሎም ሓቲቶም። መናእሰይ ስደት ካብ ምምራፅ ኣብ ሃገሮም ሰሪሖም ክልወጡ ከምዘለዎም ካብ ዝገጠሞም ፈተና ብምልዓል መኺሮም።

ኣብ ቀረባ ብሚኒስትር ዴኤታ ጉዳይ ወፃኢ ኣምባሳደር ብርቱኳን ኣያኖ ዝተመርሐ ላዕለዎት ሓለፍቲ ስራሕ መንግስቲ ዘካተተ ጉጅለ ልኡኽ ኢትዮጵያ ኣብ ሪያድ ተረኺቡ ምስ ናይ ስዑዲ መዘንኡ ኣብ ውሽጢ ስዑዲ ዝርከቡ ዘይሕጋዊ ስደተኛታት ኢትዮጵያውያን ዜጋታት ናብ ሃገሮም ንምምላስ ኣብ ዝከኣለሎም ኩነታት ከምዝመኸረ ዝፍለጥ 'ዩ።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ዘተ-ንልምዓትን ዘላቒ ሰላምን

መንግስቲ ኢትዮጵያ ንዘላቒ ሰላምን ልምዓት ምስ ኩሎም ተፈኻኸርቲ ፖለቲካዊ ፓርቲታትን ዘለዎ ኣፈላላይ ብሰላምን ብፖለቲካዊ ዘተን ንምፍታሕ ድሌት ኣለዎ። ብተግባር'ውን ይፍፅም ኣሉ።

ንክልተ ዓመታት ኣብ ክፋል ሰሜን ሃገርና ዝተኻየደ ኹናት'ውን ብስምምዕነት ሰላም ጠጠው ንክብል ከምዝገበረ ይፍለጥ። ኣብ ቀረባ እዋን ድማ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶክተር) ምስ ኩሎም ተፈኻኸርቲ ፓርቲታት ዝገበርዎ ዘተ መንግስቲ ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ከም ፀጋ ተቐቢሉ ንምትእንጋድ ዘለዎ ድሌት መረጋገፂ'ዩ። እዚ ንፖለቲካዊ ባህሊ ሃገርና ኣዝዩ ጠቓሚ ስለዝኾነ ተጠናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ።

ኣብ መንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ(ህወሓት)ን ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ከተማ ፕሪቶሪያ ብዝተበፅሐ ስምምዕነት ሰላም መሰረት ንክልተ ዓመታት ዝፀንሐ ኹናት ጠጠው ኢሉ ኣብ ትግራይ ሰላምን ስራሕቲ ዳግመ ህንፀትን ሕውየት ንክጅምር ዓብይ እጃም ኣበርኪቱ'ዩ። ተኹሲ ጠጠው ምባሉ ንህዝቢ ትግራይ ራሕዋን ቅሳነትን ዝፈጠረ ካብ ምዃን ሓሊፉ ህዝቢ ናብ ንቡር ናብራኡ ንክምለስ ዝገበረን እፎይታ ዝፈጠረን'ዩ።

መንግስቲ ኢትዮጵያ ብመሰረት ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ክሰርሖም ዝግብኦም ስራሕቲ እናሰርሐን ኣወንታዊ ምንቅስቓስ ይገብር ኣሎ ።ምእንቲ ሰላም፣ ልምዓትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይን መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያን ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ሙሉእ ብሙሉእ ዘተግብሩ ክልላዊ ትልምታት ናብ መሬት ብምምፃእ፤ ኣብቶም ጭቡጣጥ ፀገማት ህዝቢ እቲ ክልል ክፈትሑ ዝኽእሉ ስራሕቲ ምስ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ብምትሕብባር ሰርሑ ኣሎ። እናሰርሐ'ውን ይርከብ።

ድሕሪ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ መንግስቲ ፌዴራል ብኣፈ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ዝተመርሐን ናይ ዝተፈላለዩ ትካላት ኣመራርሓ ዘለውዎ ጉጅለ ናብ ትግራይ ልኢኹ 'ዩ። ትካላት መንግስቲ ፌዴራልን ክልላትን ንህዝቢ ትግራይ ድጋፎም ዘርኣዩ ሽው ንሽው 'ዩ። ፕሬዚዳንታት ክልላት ኣብ መቐለ ተረኺቦም ነቲ ህዝቢ ዘለዎም ኣጋርነት ብምርኣይ ዝተኽኣሎም ድጋፍ ብዓይነትን ብገንዘብን ገይሮም 'ዮም።

ንህዝቢ ትግራይ መሰረታዊ ግልጋሎታት ንምቕራብ ባንኪ፣ ቴሌኮም፣ መንገዲ፣ትራንስፖርት ኣየር፣ መብራህቲ፣ ጥዕና፣ ትምህርትን ሕርሻን ካልኦት ዘፈራትን ሓገዛት ዝመርሑ ሓለፍቲ ስራሕ ኣብ ትግራይ ተረኺቦም ምስ ቢሮታት ክልል ትግራይ ተዛትዮም እተን መሰረታዊ ግልጋሎታት ንክጅምራ ተገይሩ ኣሎ።

ግልጋሎት ከተማን መሰረተ ልምዓትን ንምጥንኻር ናውቲ ቤት ፅሕፈትን ተሽከርከርትን ድጋፍ ተገይሩ 'ዩ። ንመሰረተ ልምዓት እቲ ክልል ንምህናፅን ንምፅጋንን ልዑል ወፃኢ ዝቕንሱ ማሽነሪታት ህንፀትን ፅገናን ነቲ ክልል ተወሂቦም 'ዮም። ብኹናት ዝተሃሰዩ ድልድላት መንገድታትን ብምፅጋን ንግልጋሎት ክፍቲ ክኾኑ ተገይሩ'ዩ። ኣብ ትግራይ ዝርከባ ኩለን ዩኒቨርስትታት ፣ሆስፒታላትን ጣብያታት ጥዕናን ስራሕ ንክጅምራ፤ ፀገም ትራንስፖርት ንምፍታሕ ቀዲሙ ትራንስፖርት ኣየር ብምኽፋት ብዙሓት ፀገማት ንክፍታሑ ሰሪሑ ኣሎ።

ግልጋሎት ቴሌ ንምጅማር ልዕሊ ሓደ ሺሕ ኪሎ ሜትሮ ፅገና ኦፕቲካል ፋይበር ብምስራሕ ኣብ ዓሰርተ ከተማታት ትግራይ ቅድሚ ሕዚ ዘይነበረ ግልጋሎት ራብዓይ ትውልዲ (4 ጂ) ጀሚሩ ኣሎ። መስመራት ኤሌክትሪክ ብምፅጋን'ውን ግልጋሎት መብራህቲ ምቕራብ ተኻኢሉ'ዩ። ካልኦት ማሕበራዊን ኢኮኖሚያዊን ፀገም ህዝቢ ትግራይ ዝፈትሑ ስራሕቲ ሰርሑ ኣሎ።

መንግስቲ ፌዴራል ምስ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይን ብምዝታይን ብምስራሕን ማሕበራዊን ፖለቲካዊ ፀገማት እቲ ክልል ንምፍታሕ ዝገበሮ ፃዕሪ ዝነኣድ'ዩ።

ኣብ ቀረባ እዋን መንግስቲ ፌደራል ዝመርሕ ገዛኢ ፓርቲ ብልፅግና ድማ ምስ ህወሓት ዘሎ ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ንምፍታሕን ዝቕረዩ ስራሕቲ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶሪያ ንምውጋንን ዘተ ምክያድ ጀሚሩ ኣሎ። ኣብ መወዳእታ ወርሒ መጋቢት 2016 ዓ.ም ኣብ መቐለ ዝተኻየደ ዘተ መቐፀልታ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ'ውን ተኻይዱ ኣሎ። እዚ ፅቡቕ ጅማሮ ተጠናኺሩ ክቕፅል ይግባእ።

ኣብ ዝኾነ እዋን ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ፓርቲታትን ዝፍጠር ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ኮነ ፀገም መፍትሒኡ ዘተ'ዩ። ንዚ ዝተረደአ መንግስቲ ፌደራል ቅድሚ ኹናት'ውን ብዘተ ንምፍታሕ ድሌት ከምዝነበሮን ፃዕሪ ከምዝገበረ ይዝከር። ሐዚ'ውን እዚ ድሌትን ፃዕሩ ኣብ ቦታኡ ኣሎ።

እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ዘተ ከም ሃገር ኮነ ከም ክልል ዘላቒ ልምዓትን ሰላምን ዘምፅእ ስለዝኾነ ተጠናኺሩ ክቕፅል ይግባእ። ማሕበራዊ ኢኮኖሚያዊን ፀገማት ኣብ ምፍታሕ ዝተረኸበ ኣወንታዊ ውፂኢት ኣብ ፖለቲካዊ ዘተ'ውን ንክምዝገብ ክልቲኦም ወገናት ብዕቱብ ክሰርሑን ተጀሚሩ ዘሎ ዘተ'ውን ከጠናኽርዎን ይግባእ።


# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፦ epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቐበሊ ምልላይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልላይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ እይኮኑን፡፡

## ሰላምና ብምፅናዕ ልምዓትና ነሰጉም

**መኣርግ ገ/ሄር**

ክልል ትግራይ ንሽባቢ ክልተ ዓመታት ኣብ ከቢድ ኹናት ድሕሪ ምፅንሓ እቲ ፀገም ብስምምዕነት መዕለቢ ረኺቡ 'ዩ። ብምዃኑ ድሕሪ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶሪያ ኣብ ክልል ትግራይ ዝተርኣዩ ለውጥታት ብዙሓት 'ዮም። ብፍላይ እቲ ፈላማይ ሕቶ ህዝቢ ሰላም ምስቲ ምንባሩ እቲ ስምምዕነት ነቲ ሕቶ ኣወንታዊ ምላሽ ሒቡ 'ዩ።

ሓፈሻዊ ስራሕቲ ሲቪል እቲ ክልል ቅድሚ ኵናት ኣብ ፅቡቕ ኩነታት እንተነበረ፣ ድሕሪ ኵናት ግና ዳርጋ መብዛሕትኡ ናብ ባዶ ክወርድ ክኢሉ ነይሩ 'ዩ። ድሕሪ ምርካብ ሰላም ግና ክንድቲ ዝድለይ ለውጥታት ዋላ ክመፅእ ተዘይተኽኣለ ዓርሱ ዝኽኣለ ጊዚያዊ መፍትሕታት ንኽመፁ ማዕፆ ከፊቱ 'ዩ ምባል ይከኣል። ካብ መንጎ እቶም ኣገደስቲ ስራሕቲ ጉዳይ ሰብኣዊ ሓገዝ፣ስሩዕ ትምህርቲ፣ግልጋሎት ጥዕና፣ ቴሌኮም፣ ባንክን ኻልኦትን ብዝተኽኣለ መጠን ናብ ንቡር ስርሖም ክምለሱ ክኢሎም 'ዮም።

ዝቋራረፅ ዝነበረ ምቕራብ ሰብኣዊ ሓገዝ ብዝተማሕየሸ ብርኪ ክቕፅል ኪኢሉ፤ መንግስቲ ንተመዛበልትን ብድርቂ ንዝተጎድኡን ዜጋታት ሰብኣዊ ሓገዝ እናገበረ 'ዩ። ብተወሳኺ ድማ መዳርግቲ ኣካላት 'ውን ሓገዝ እናገበሩ ፀኒሖም 'ዮም። ኾይኑ ግና ሕዚ 'ውን ብርከት ዝበሉ ዜጋታት ህፁፅ ሓገዝ ምግቢ ስለ ዘድልዮም እቲ ሓገዝ ተጣናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ። ኮይኑ ግና ብሓገዝ ነባሪ መፍትሒ ስለ ዘይመፅእ ሰላም እናሓለና ኣብ ልምዓት በርቲዕና ክንሰርሕ ኣለና። ረድኤት ዘላቒ መፍትሒ ስለዘይኮነ ህዝቢ በዓሉ ዘላቒ መፍትሒ ከናዲ ኣለዎ።

ሰላሙ ብምፅናዕ ኣብ ልምዓት ክነጥፍ ኣለዎ። ኣብ ልምዓት ይኹን ሰላም ክተሓጋገዝ ኣለዎ። እቲ ህዝቢ ነንርእሱ እንተተሓጋጊዙን እንተደጋጊፉን እቲ ፀገም ካብ ዓቕሙ ንለዓሊ ክኸውን ኣይኽእልን። ኩሉ ግዜ ሓገዝ ምሕታት ጥራሕ ክኸውን የብሉን። እቲ ቐንዲ ኣብ ዓርሰ ሙርኮሳ መሰረት ክኸውን ኣለዎ። ነዚ ኩሉ መፍትሒኡ ካብ ሰላም እንተይረሓቕካ ኣብ ልምዓት ምሱዃም 'ዩ።

ከምኡ 'ውን እቶም ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ክምለሱ ኣብ ሰላም ፀቒዕና ክንሰርሕ ኣለና። ናብ መረበቶም ተመሊሶም ናብርኦም ክጣይሹ ክንሰርሕ ኣለና። ብዘይ ሰላም ዝመፅእ ለውጢ የለን። ኣብ ሰላምን ፀጥታን ቅድሚኣ ተዋሂብዎ እንተዘይተሰሪሑ ዝመፅእ ኣወንታዊ ለውጢ የለን። ብምኽንያት እቲ ኵናት ኣብ ህይወት ሰብን ኢኮኖሚያዊ ትካላትን ዘብፀሐ ጉድኣት ቐሊል ዝበሃል ኣይኮነን። ስለዚ ኩናት ክንደየናይ ዝኣክል ጉድኣት ከምዘለዎ ንኹሉ ግልፂ 'ዩ።

ቅድሚ ኩናት ትግራይ ኣብ ምንታይ ኩነታት ከምዝነበረት ዝፍለጥ 'ዩ። ስለዚ ናይ ሰላም ዋጋ ቐሊል ኣይኮነን። ሳላ ሰላም ዝተረኸበ 'ዩ ሕዚ ልምዓት ተጀሚሩ ዘሎ። ዋላ ሙሉእ ኣይኹን ህፁፅ ሓገዝ ንዘድልዮም ወገናት ሓገዝ እናቐረበሎም 'ዩ። ከምኡ 'ውን ትምህርቲ፣ ግልጋሎት ሕክምና ወዘተ እናተዋሃበ 'ዩ። ነዚ ድማ መሰረቱ ሰላም 'ዩ። ብፍላይ ህፃናትን ኣዴታትን ካብቲ ኩናት ብዘይንእስ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ተጠቒዖም 'ዮም። ሕዚ ግና ብዙሓት ካብ ሞት እናዳሓኑ 'ዮም።

ጉዳይ ማሕበራውን ደቂ ኣንስትዮን፣ መንግስቲ ፌደራል፤ ከምኡ 'ውን ሚኒስቴር ሰላም መናእሰይ ዕድል ስራሕ ክፍጠረሎምን ዝተፈላለዩ ስልጠናታት ክረኽቡን ሓገዝ እናገበሩ 'ዮም። ቕድም ክብል ንመናእሰይ ዕድል ስራሕ ይፈጥሩ ዝነበሩ ምዃኖም ዝፍለጥ 'ዩ። ሕዚ 'ውን ናብ ስራሕ ዝምለሱ ዘለዉ ነባራትን ሓደሽቲን ቐለልቲ ኣይኮኑን።

ብመዳይ ትምህርቲ ክንርኢ ኸለና ተመሳሳሊ ኽያዶታ እናተኸደ ከምዝርከብ መረዳእታታት እናሓበሩ 'ዮም። በርግፅ ምስቲ ዝነበረ ኩነታት ተታሓሒዙ ሕፅረት ፋይናንስ እናጋጠመ ከምዝኾ ሰብ ሞያ እቲ ዓውዲ እናሓበሩ 'ዮም። ንኣብነት ሓላፊ ኣካዳሚክ ፋካሊቲ ዩኒቨርሲቲ መቐለ ዶክተር ዓብድልቃድር ከሪም ንኽይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዕንቅፋት ካብ ዝኾኑ ጉዳያት ሓደ ሕፅረት በጀት 'ዩ ክብሉ ገሊፆም ነይሮም። ኾይኑ ግና እዚ ከምዚ እናሃለወ እተን ዩኒቨርሲቲታት ይኹና ካልኦት ካብ ዩኒቨርስቲ ንታሕቲ ዘለዋ ኣብያተ ትምህርቲታት ዘሎ ፀገማተን ብምዕዋር ዝኽኣለኦ ኩሉ ንጥፈታት እናካየዳ 'የን ዝርከባ።

እዚ ዝኾነሉ ዘሎ ምኽንያት ድማ ሰላም ስለ ዘሎ 'ዩ። በርግፅ ምስቲ እቲ ኩናት ዝገደፎ በሰላን ድርቕን ምኽንያት ኩሉ ተማሃራይ ናብ ትምህርቲ ከቲቱ 'ዩ ምባል ዝከኣል ዋላ እንተዘይኮነ ብዙሓት ለውጥታት ግና ኣለዉ። ኩሉ ብሓደ ግዜ ክፍታሕ ኣይኽእልን። ምኽንያቱ ኣብ ፅባሕ ኩናት ኮይንካ ከምዚ ዓይነት ፀገማት ከምዝገጥም ትፅቢት ዝግበር 'ዩ። ኮይኑ ግና እዞም ነገራት እዚኦም ህዝቢ እንተተረባሪብሎም ንምፍታሖም ዝኸብድ ኣይኮነን። በርግፅ እቲ ክልል ብዙሓት ነገራት ተፃዊሩ ኣብ ምምሃር ምስትምሃር ዘሎ ከይዲ ዝነኣድ 'ዩ። እዚ ግና እኹል ስለዘይኮነ ካብዚ ንለዓሊ ምኻድ የድሊ። ሰላም ኣስጢምካ ብምሓዝ ኣብ ልምዓት ካብ ምስጓም ካሊእ መፍትሒ የለን። ኣብ ልምዓት መስኖ ይኹን ኣብ ካልኦት ስራሕቲ ፅቡቕ ምንቕስቓስ ኣሎ። እዚ ሰላም ተዘይህሉ ነይሩ ዝሕሰብ ኣይኮነን። እዚ ተጣናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ። ካብዚ ንላዕሊ ምኻድ የድሊ። ምኽንያቱ ሕቶ ልምዓት ህዝቢ በዚ ሕዚ ዘሎ ምንቕስቓስ ልምዓት ዝምለስ ኣይኮነን። ነቲ ዘጋጠመ ዕንወት ንምክሕሓስ ብዙሕ ክያዶ ምኻድ የድሊ።

ብሓፈሻ፣ድሕሪ ስምምዕነት ሰላም፣ መናእሰይ ስራሕ ንምፍጣር ፃዕርታ እናገበሩ 'ዮም። ውሑዳት መናእሰይ ኣብ ስራሕቲ ግብርና ተሰማሪዮም ዝነኣድ ውፅኢት የርእዩ ኣለዉ 'ዮም። ብፍላይ ከም ኣብ መስኖ ዝመሳሰሉ ነገራት ተዋፊሮም ዘርእይዮ ዘለዉ ውፅኢታት ዘተባብዕ 'ዩ።

ሳላ ሰላም ዝተረኸበ 'ውን ተቋሪፆም ዝነበሩ ከም ባንኪ፣ ቴሌኮም፣ መንገዲ፣ ጥዕና ፣ትምህርቲን ሰብዓዊ ሓገዛትን ክጅምሩ ተገይሩ 'ዩ። ብምዃኑ ድሕሪ ስምምዕነት ሰላም ኣብቲ ክልል ዘሎ ኩለመዳያዊ ንጥፈታት ብዝተወሰነ ደረጃ ናብ ስሩዕ ኩነታት እናመፀ 'ዩ። እዚ ድማ መንግስትን ህዝብን ተናቢቦም ብምስረሖም 'ዩ። መንግስቲ ፌዴራል ምስ ግዝያዊ ምምሕዳር እቲ ክልል ጉድኣት ዝበፅሖም ትካላት ናብ ዝነበርዎ ክምለሱ ብዙሕ ርሕቀት ብምኻዱ ኣድማዒ ስራሕቲ ተሰሪሖም 'ዮም። በዚ መሰረት ብዙሕ ሰራሕተኛ ናብ ስርሑ እናተመለሰ ይርከብ። ብሓፂሩ ዝስርሑ ዘለዉ ልምዓታት ተጣናኺሮም ክቕፅሉ ምጥንኻር ሰላም ቐዳማይ ኣጀንዳና ክኸውን ኣለዎ።

> **ዝቋራረፅ ዝነበረ ምቕራብ ሰብኣዊ ሓገዝ ብዝተማሕየሸ ብርኪ ክቕፅል ኪኢሉ፤ መንግስቲ ንተመዛበልትን ብድርቂ ንዝተጎድኡን ዜጋታት ሰብኣዊ ሓገዝ እናገበረ 'ዩ**

# እዋናዊ ዛዕባ



## ሃገራዊ ዘተ ጥዕናን ዑደት ስራሕን ኣብ ከተማ መቐለ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣብ ናይ ሎሚ እዋናዊ ዛዕባና ትኹረት ገይርና ካብ እንሪኦ ኣብ ከተማ መቐለ ዝተኻየደ ኣብ ዘፈር ጥዕና ዝተዋደደ ሓባራዊ ኣኼባን ኣፈፃፅማ መጀመርያ ፍርቂ ዓመት በጀት 2016ን ብተወሳኺ ኣብዚ መድረኽ ኣብ ዘፈር ጥዕና ትልምታት ወረዳ ዘለዎ ብርኪ፣ DHIS 2፣ ኣተገባብራ ጥዕና ዲጅታልን Master facility regesar-tion (MFR ) ፣ ኣፈፃፅማ ምትሕልላፍ ተሰብሳቢ በጀት፣ ሪፖርት ዝተረኸበ ኦዲት፣ መምርሒ ምምሕዳር ቻናል ፋይናንስ 2 ፣ ኣፈፃፅማ ፕሮጀክት በማቺንግ ፈንድ ዝተቆፀሩ ሓኪማትን ኣፈፃፅማ ትምህርቲ ስፔሻሊቲ ዝከታተሉ ሃኪማትን ከምኡ ‘ውን ሪፖርት ግልጋሎት ኣቅራቢ መድሓኒት ኢትዮጵያ፣ ብኢንስቲትዩት ጥዕና ሕብረተሰብ ኢትዮጵያ ኣብ ለበዳ ዝተፅንዑን ዝተረኸቡ መፅናዕትታት፣ ከምኡ ‘ውን ኣወሃህባ ግብረመልሲ ጥዕና ሓደጋ ሕብረተሰብ ዝመሳሰሉን ‘ዩ።

ኣብ ዘፈር ጥዕና ዝተዋደደ ሓባራዊ ኣኼባ ኣብ ዝተኻየደ መድረኽ ኣፈፃፅማ መጀመርያ ፍርቂ ዓመት በጀት 2016 ዝተገምገመ ኮይኑ፤ ኣብ ዝሓለፈ ኣኼባ ዝተቀመጡ ተግባራት ነጥቢ ዘለውዎ ብርክን ኣፈፃፅማ ሪፖርት ሽዱሽተ ወርሕን ቀሪቦም ዘተ ዝተኻየደሎም ኮይኖም፤ ሚኒስትር ጥዕና ዶክተር መቅደስ ዳባ ዝተዋደደ ሓባራዊ ኣኼባ ኣብ ዘፈር ጥዕና ኣብ ዝተገበረ መድረኽ ኣብ ዝገበርኦ መደረ ከምዝገለፅኦ፤ እቲ መድረኽ ኣብ ክልል ትግራይ ምክያዱ ሚኒስቴር ጥዕና ፣ ቢሮ ጥዕና ክልላትን ካልኦት ተፀዋዕቲ ትካላት ብሓባር ብምዃን ነቲ ኽልል ዘለዎም ድጋፍ ንምርኣይ ተሓሲቡ ዝተወሰነ ምዃኑ ገሊፆን ‘የን።

ኣብ ዝሓለፈ ፍርቂ ዓመት ዝነብረ ኩነታት ተመሊስካ ንምርኣይን ንምምሕያሽ ስራሕቲ ኣብ ዝጠቅሞ ነጥብታት ዘተ ንምግባር ዝተኻየደ መድረኽ ምዃኑ ገሊፆን። ኣጀንዳታት ናብ ተግባር እነውርደሉ፣ ቆራፅነት ኣመራርሓ እንርእየሉን መድረኽ ዘበላ ዶክተር መቅደስ ንኣዳለውቲ እቲ መድረኽ ዘለወን ምስጋና ‘ውን ኣቅሪበን።

ብተወሳኺ ኣብቲ እዋን ዘተ ዶክተር መቅደስ ከምዝተዛረብኦ፤ ኣብቲ መድረኽ ዝቀረቡ ሓሳባት ብግብረመልሲ ተወሲዶም ኣካል ናይቲ ትልሚ ኾይኖም ዝትግበሩ ክኾኑ ‘ዮም ዝበላ እንትኾና፤ ‘ቶም ስራሕቲ ድማ ካብ ቤት ዕዮታት ሚኒስቴር ጉጅለ ተደራጅዩ ናብ ክልል ብምውራድ ብሓደ ብሙኳን ዝትግበሩ ምኳኖምን፣ ክልላትን ተፀዋዕቲ ትካላትን ‘ቶም ስራሕቲ ከም በዓል ዋንነት ወሲዶም ክሰርሑ ከምዘለዎም ገሊፆን ‘የን።

ከምኡ ‘ውን ዶክተር መቅደስ ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ሕማማት፣ ኣብ ድልውነት ምክልኻል ሓደጋን ዝበሉ ስራሕቲ ዓብዪ ትኹረት ተዋሂብዎ ዝስርሑ ስራሕትታት ምዃኖም ዘልዐላ ኮይነን፤ ኣብ ምጥንኻር ስራሕቲ ህንፀት ዓቕሚ ትካላት ጥዕና ውልቀ’ውን ብምስታፍ ሓቢርካ ብምስራሕን ከምኡ’ውን ኣብቲ ሴክተር ብሓዱሽ መልክዕ ዘተትሓዙ ዓበይቲ ስራሕቲ ከም ኣብ ዘፈር ጥዕና ፍርያት ውሽጢ ዓዲ ምዕባይ፣ ተሳትፎ እቲ ሕብረተሰብ ብምውሳኽ ፅሩይ ትካላት ጥዕና ምፍጣር፣ ምዕባይ ቱሪዝም ሜዲካልን ሪፎርም ሲቪል ሰርቭስ ሓላፊነት ብዝተመልአ መንፈስ ኣብ ምምራሕ ብትኹረት ንክስራሕ ኣንፈት ሂበን።

> **ኣብቲ መድረኽ ዝቀረቡ ሓሳባት ብግብረመልሲ ተወሲዶም ኣካል ናይቲ ትልሚ ኾይኖም ዝትግበሩ ክኾኑ ‘ዮም፤ ‘ቶም ስራሕቲ ድማ ካብ ቤት ዕዮታት ሚኒስቴር ጉጅለ ተደራጅዩ ናብ ክልል ብምውራድ ብሓደ ብሙኳን ዝትግበሩ ምኳኖምን፣ ክልላትን ተፀዋዕቲ ትካላትን ‘ቶም ስራሕቲ ከም በዓል ዋንነት ወሲዶም ክሰርሑ ኣለዎም**

ኣብ መጠቃለሊ እቲ ኣኼባ ዝተረኸቡ ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ሰክሬታሪያት ስግግር ማሕበራዊ ግልጋሎታት ፕሮፌሰር ክንደያ ገብረሂወት እቲ ክልል ኣብ ግልጋሎት ጥዕና ካብ ሚኒስቴር ጥዕና ቅልጡፍ ሓገዝ ምርካቡ ዝተዛረቡ እንትኾኑ ነዚ ድማ ነቲ ክልል ብምውካል ንሚኒስቴር ጥዕና ምስጋና ከም ዘቕረቡ ኮይኖም፤ብተወሳኺ ጥዕና ክልል ትግራይ እንትሕሎ ጥዕና ካልኦት ክልላት ክሕለው ከምዝኽእል ዝተዛረቡ ፕሮፌሰር ክንደያ፤ ኩለን ክልላትን ዝምልከቶም መዳርግቲ ኣካላትን ሓገዞም ኣጠናኺሮም ንክቅፅሉ ፅዊዖም ‘ዮም።

ሓላፊ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ዶክተር ኣማኑኤል ብወገኖም ናይ እንኳዕ ደሓን መፃእኹም መደረ ዝገበሩ እንትኾን፤ ኣብ መደረኦም ናይ ሓባር መድረኽ ኣብ ክልል ትግራይ ንክካየድ ምግባሩ ዓብይ ሞራል ዝህብ ‘ዩ ድሕሪ ምባሎም፤ እቲ ውሳነ ንዝወሰኑ ኣካላት ኣመስጊኖም። ከምኡ ‘ውን ኣብ ዘፈር ጥዕና ዘሎ ርክብን ተቀራሪብካ ንምስራሕን ብጣዕሚ ዝሕግዝ ምዃኑ ዶክተር ኣማኑኤል ዝተዛረቡ እንትኾኑ፤ ስራሕቲ ጥዕና ብምውዳድ ዝስራሕ ምዃኑ ኩሉ ተቀራሪቡ እንተሰሪሑ ኣብ ኩሉ ዘፈር ውፅኢት ምምዝጋብ ከምዝክኣል ኣብ ክልል ትግራይ እናተረኣየ ዘሎ ምምሕያሽ ግልጋሎት መርኣያ ‘ዩ ኢሎም።

ኣብ ፍርቂ ዓመት ዘሎ ኣፈፃፅማ ክልላት ዘለዎ ብርኪን በቢክልላቱ እናተኸናወኑ ዘለው ዓበይቲ ተግባራት ሓለፍቲ ቢሮ ጥዕናታት ክልላት ገለፃ ዝሃቡ ኮይኖም፤ ካብ ክልላት ዝተልዓሉ ሕቶታት ተፀዋዕቲ ትካላትን ሓለፍቲን ካልኦት ሓለፍቲ ስራሕን መብራህርሂ ብምሃብ ኣብ ዝቀረቡ ሪፖርታትን ገለፃታት ተገይሩሉ ‘ዩ።

ብተወሳኺ ኣብዚ መድረኽ ኣብ ዘፈር ጥዕና ትልምታት ወረዳ ዘለዎ ብርኪ፣ DHIS 2፣ ኣተገባብራ ጥዕና ዲጅታልን Master facility regesartion (MFR)፣ ኣፈፃፅማ ምትሕልላፍ ተሰብሳቢ በጀት፣ ሪፖርት ዝተረኸበ ኦዲት፣ መምርሒ ምምሕዳር ቻናል ፋይናንስ 2 ፣ ኣፈፃፅማ ፕሮጀክት ብማቺንግ ፈንድ ዝተቆፀሩ ሓኪማትን ኣፈፃፅማ ትምህርት ስፔሻሊቲ ዝከታተሉ ሃኪማትን ከምኡ ‘ውን ሪፖርት ግልጋሎት ኣቅራቢ መድሓኒት ኢትዮጵያ፣ ብኢንስቲትዩት ጥዕና ሕብረተሰብ ኢትዮጵያ ኣብ ለበዳ ዝተፅንዑን ዝተረኸቡ መፅናዕትታት፣ ከምኡ ‘ውን ኣወሃህባ ግብረመልሲ ጥዕና ሓደጋ ሕብረተሰብ ኣብዚ እዋን ኣብ ዝብሉ ርእሰ ጉዳያት ኣብ ዝቀረቡ ገለፅታት ዘተ ድሕሪ ምግባር ምስተገምገመ ብላዕለዎት ኣመራርሓ ቀፃላይ ኣንፈት ተዋሂቡ ‘ዩ።

ካብዚ ጉዳይ ጥዕና ከይወፃእና ኣብዚ ሰሙን ካብዝተልዐሉ ዛዕባታት ኣብ ክልል ትግራይ ምስ ዝርከቡ መራሕቲ ትካላት ሃይማኖት ኣብ ከተማ መቐለ ብዛዕባ ርክብ ጥዕናን ተሳትፎ ሕብረተሰብን ስልጠና ከምዝተወሃበን።

ፈፃሚ ርክብ ህዝብን ኮምዩኒኬሽን ሚኒስቴር ጥዕና ምስ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ብምዃን ኣብቲ ክልል ካብ ዝተፈላለያ ትካላት ሃይማኖት ንዝመፁ ኣቦታት ኣብ ዝተወሃበ ስልጠና ተረኺቦም መልእኽቶም ዘማሓላለፉ ዶክተር ተገኔ ረጋሳ፤ ኣብቲ ሕብረተሰብ ናይ ባህርን ማሕበራዊን ለውጢ ብምምፃእ ሕማም ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን ግደ መራሕቲ ሃይማኖት ልዑል ምዃኑ ገሊፆም።

‘ቶም ዋና ኣካያዲ ስራሕ ብተወሳኺ ምስ ሃይማኖታዊ ትካላት ብምትሕብባር ስራሕቲ ርክብ ጥዕና ክስራሕ ከምዘለዎ ብምግላፅ፤ ኣብ ክልል ትግራይ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ሓዊሱ ኣብ ጥዕና ኣዴታትን ህፃናትን፣ መናእሰይ፣ ጥዕና ስነ ተዋልዶ ብትኹረት ብምስራሕ፣ ተበፃሕነት ጥዕና ሕብረተሰብ ንምዕባይ ዝተፈላለዩ ናይ ንቕሓት ስልጠናታት ምስ እቲ ክልል ጥዕና ኣብ ቀፃሊ መሰል ስራሕቲ ከምዝሰርሑ ዝገለፁ እንትኾኑ፣ መራሕቲ ሃይማኖት ንሰዓብቶም ጥዕናኦም ክሕልዉ ብምምሃር ሓላፍነቶም ክፍፅሙ ሓቲቶም።

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ጥዕና ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ዶክተር ኣማኑኤል ሃይለ ብወገኖም ከምዝበልዎ፤ ኣብቲ ክልል ዘሎ ግልጋሎት ጥዕና ተበፃሒ ንምግባር ምርብራብ ከምዘድልን ከምኡ ‘ውን ጥዕና ሕብረተሰብ ንምምሃር ምስ ኩሎም መራሕቲ ሃይማኖት እቲ ክልል ምስራሕ የድሊ ዝበሉ እንትኾኑ፤ ምድላው እቲ መድረኽ ጥዕና ሕብረተሰብ ንምሕላውን ንምምሃርን፣ ከምኡ ‘ውን ድሕሪ ኲናት ተበፃሕነት ጥዕና ህዝቢ ናብቲ ዝድለ ደረጃ ንምዕባይ፣ ናይ ባህሪ ለውጢ ንምምፃእ ብፍላይ ድማ ተቓላዕነት ናይ ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ንምቕናስ ዓብዪ ኣስተዋፅኦ ከምዘለዎ ተዛሪቦም።

ፈፃሚ ርክብ ህዝብን መንግስትን ኮምዩኒኬሽንን ሚኒስቴር ጥዕና ኣብቲ ክልል ግልጋሎት ጥዕና ናብቲ ሕብረተሰብ ተበፃሒ ንምግባር ኣብቲ ክልል ምስ ዘለዉ ሃይማኖታዊ ትካላት መድረኽ ምድላው ምስጋናኦም ብምቕራብ፤ተሳተፍቲ እቲ መድረኽ ብግዲኦም እቲ መድረኽ ኣገደስቲ ሓበሬታታት ጥዕና ንምርካብ ዘኽኣለ ምዃኑ ብምግላፅ፣ ንቐፃሊ ከምዚ ዓይነት ስልጠና ክዳለው ይግባእ ኢሎም።

ብኻሊእ ተምሳሳሊ ዛዕባ ሚኒስትር ጥዕና ዶክተር መቅደስ ዳባ ዝተመርሐ ጉጅለ ላዕላዋይ ሓላፊቲ ስራሕን ኣብ ክልል ትግራይ ከተማ መቐለ ዝግበር ኣብ ዘፈር ጥዕና ዝተዋደደ ሓበራዊ ኣኼባ ዝተረኸቡ ተወከልቲ ተሳተፍቲ ትካላት ላዕለዎት ሓለፍቲ ስራሕን ኣመራርሓ ቢሮ ጥዕና ክልላትን ዘካተተ ቅድሚ እቲ መድረኽ ምክያዱ ኣብ ከተማ መቐለ ሪፈራል ሆስፒታል ዓይደርን ማእኸል መፍረይ ጓንቲ ሕክምናን ዑደት ስራሕ ዘካየዱ እንትኾኑ፤ ኣብ ሪፈራል ሆስፒታል ዓይደር ኣብ ህነፀት ከይዲ ዘሎ ንግልጋሎት ሕክምና ካንሰር ክህብ ተሓሲቡ ናይ ካንሰር ጨረራ ሕክምና መውሃቢ ኣብዚ እዋን ዘለሉ ኩነታትን ኣብቲ ሆስፒታል እናተወሃቡ ዘለው ግልጋሎት ሕክምናን ብሓለፍቲ እቲ ስራሕ ኣቢሉ ተነቢንዩ ‘ዩ።

ኣብ ከተማ መቐለ ዝርከብ ማእኸል መፍረይ ሜዲካል ግላቭ ኣፎሚ ኣብ ሃገርና ንመጀመሪያ እዋን ኤግዛሚኔሽን ግላቭስ ዝብሃል ምህርቲ ጓንቲ ዝጀመረ እንትኾን፤ ኣብዚ እዋን ብሰዓት 4500 ፅምዲ ምህርቲ ኤግዛሚኔሽን ግላቫት ኣብ ምፍራይ ከምዝርከብን፤ ብኣንፃር ኣፍራይነን ጥዑይ ዜጋ ምፍጣር ብፍላይ ፍርያት ውሽጢ ዓዲ ብምጥቃም ወፃኢ ሸርፊ ኣብ ምትራፍ ዘለዎ ግደ ልዑል ሙኳኑ ዝገለፃ ሚኒስትር ጥዕና ዶክተር መቅደስ ዳባ፤ እቲ መፍረይ ማእኸል ብሙሉእ ዓቅሙ ሰርጅካል ግላቭ ‘ውን ናብ ምፍራይ ንክኣትው ምስ ቢሮ ጥዕና እቲ ክልል ብሓባር ብሙኳን ኣድላይ ሓገዝ ከምዝግበር ገሊፀን ‘የን።

ከምኡ’ውን ኣብ ሓፈሻዊ ሆስፒታል ቤን መስከረም ኣብ ዝተገበረ ዑደት ስራሕ ኣብቲ ሆስፒታል ናይ መንግስትን ናይ ውልቐን ምትሕብባር ንምጥንኻር ዘበረታትዕ ስራሕቲ እናተሰርሐ ምዃኑን፣ ናይ ከትባትን ሓገዝ ማሽን ጂን ኤክስፐርት ነቲ ሆስፒታል ከምዝተገበረሉ ናይቲ ሆስፒታል ሓለፍቲ ስራሕ ኣብቲ እዋን ዑደት ገሊፆም ‘ዮም።

ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ዘይተቖራረፀ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ንክረክብ ከም ሪጅን ብዝኻኣልናዮ መጠን እናሰራሕና ኢና››

- ኣይተ ሮቤል ገ/እግዚኣብሄር

መሰረት ገብረዮሃንስ

ኣብ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ኢትዮጵያ ዳይሬክተር መምርሒ ሰሜን ሪጅን መተሓሳሳፊ መስመርን መከፋፈሊ ጣብያ ኦፕሬሽንን ፅገናን ኣይተ ሮቤል ገ/እግዚኣብሄር ኣብ ዝነበረና ቃለ መሕተት ካብ ዘልዓልዎም ሓሳብ €€ኣብ ክልል ትግራይ ብዝነበረ ኹናት ምኽንያት ጉድኣት ዝበፅሖም መከፋፈሊ ጣብያ ከምዘለዉን እዚኦም ናብ ዝነበርዎ ንምምላስ ትኹረት ተገይሩ ክስራሕ ከምዝግባእ ገሊፆም 'ዮም። እዚ ተግባራዊ ንክኸውንን ዘይተቆራረፀ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ሕብረተሰብ ንክረክብ እቶም ዝበፅሑ ጉድኣት ብምፍሳይ ግዝያዊ እንተይኾነስ ቀዋሚ ዝኾነ ፅገና ተገይርሎም ናብ ስራሕ ንክእቶ እናፃዓርና ኢና ኢሎም። ኣብተን ጣብያታት ሕፅረት መለዋወጥቲ ናውቲ ከምዘሎን እዚ ንምቕራፍ ምስ ዋና ቢሮ እናተዛራብና ኢና ክብሉ ገሊፆም 'ዮም። ምስ ኣይተ ሮቤል ዝገበርናዮ ቃለ መሕተት ሙሉእ ትሕዝትኡ ከምዝስዕብ ኣቕሪብናልኩም ኣለና። ሰናይ ንባብ!



**ወጋሕታ ፡- እቲ ሪጅን ሰሜን ክንደይ ዝኣክል መከፋፈሊን ጣብያታትን ክንደይ ዝኣክል ኪሎሜትሮ መስመራት ምምሕልላፍ ኣለው ፤ እቲ ሪጅን ዝሽፍኖም ከባቢታትን ኣየኖኦም 'ዮም ?**

**ኣይተ ሮቤል፡-** ኣብ ሪጅን ሰሜን ናብ ዓሰርተ ሓደ ዝኾኑ መከፋፈሊ ጣብያ ዘለዉ እንትኾኑ እቶም ሰለስተ ብምኽንያት ዝነበረ ኩነታት ፀጥታ ኣብቲ ቦታ ኣቲና ንምስራሕ ኣይካኣልናን ። ኣብ ትሕቲ ሰሜን ሪጅን ዝርከቡ መከፋፈሊ ጣብያታት ካብቶም ዓሰርተ ሓደ 7 ( ሸውዓተ) ባዓል 230 ኪሎ ቮልት ፣ ኣብ ኣላማጣ ፣ መኾኒ ፣ መቐለ ፣ ኣኽሱም ሽረ ፣ ወልቃይትን ሑመራን ከምኡ 'ውን 4 (ኣርባዕተ ) ባዓል 132 ኪሎ ቮልት ዉቕሮ ፣ ዓዲግራት፣ ዓድዋን ዓብይ ዓድን እንትርከቡ መተሓላለፍቲ መስመራት ብዝምልከት 230 ኪሎ ቮልት 780 ኪሎሜትር 132 ኪሎ ቮልት 230 ኪሎሜትር ጠቕላላ 1010 ኪሎ ሜትሮ መተሓላለፍቲ መስመራት ኣብ ትሕቲ ሪጅን ሰሜን ይርከቡ። እቲ ሪጅን ኩለን ዞባታት ትግራይ ይሽፍን።

**ወጋሕታ፡- ዘተኣማምንን ዘይተቖራረፀ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ንምቕራብ በቲ ሪጂን እናተሰርሑ ዘለዉ ስራሕቲ እንታይ 'ዮም ? ዓቕሚ ሓይሊ ሰብ ኣብ ምዕባይን ምምሕያሽን ዝተሰርሑ ስራሕቲ እንተሃልዮም ?**

**ኣይተ ሮቤል፡-**ኣብዚ ሐዚ ዘተኣማምንን ዘይተቖራረፀ ኤሌክትሪክ ንምሃብ ዝስርሑ ስራሕቲ ኣለዉ። በዚ ልክዕ ድማ ዘይተሰርሑ ስራሕቲ 'ውን ኣለዉ ። ኣብዚ ሕዚ ከም ሪጂን እናሰራሕናዮ ዘለና ኦፕሬሽን ዓመታዊ ፍተሻ ስራሕ 'ዩ። እዚ ፍተሸ ዝስራሕ ኣብ ምቁርራፅ መብራቲ ዘሎ ፀገም ንምፍታሕ ስራሕ ፍተሻ ምክያድ 'ዩ። በዚ ድማ ናይ ፍተሻን ፅገናን ስራሕ እናሰራሕና ኢና።

ዓቕሚ ምዕባይን ምምሕያሽን ብዝምልከት ስራሕ ንምስራሕ ዘሎ ሓይሊ ሰብ እኹል 'ዩ። ምስራሕ 'ውን ዝኽእሉን ዓቕሚ ዘለዎምን 'ዮም። ኾይኑ 'ውን እቲ ሪጅን ዝሓዞ ትልሚ ሙሉእ ብሙሉእ ንኽሳኻዕን ውፅኢታዊ ስራሕ ንክስራሕን እቲ ዋናን ወሳንን ኣብ ሓይሊ ሰብ ምስራሕ ብምኧኑ ብምእማን ዓቕሚ ሰራሕተኛ ኣብ ምዕባይ ብዝተወሰነ መልክዑ ስልጠና ብምሃብ እናሰራሕና እንተኾነ 'ውን ኣብ ቀፃሊ ከም ትልሚ ሒዝና ኣጠናኺርና ንምቕፃል ምድላው እናገበርና ኢና። ኣብዚ ዓመት ዓቕሚ ሰራሕተኛ ንምዕባይ ካብ 2015 ጀሚሩ ሕቶ ቐሪቡ 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- ብናይ ባዕልኻ ዓቕሚ ብምስራሕ እቲ ትካል ካብ ወፃኢ ብምድሓን ዝተሰርሐ ስራሕ ኣሎ ዶ ? ናይ ቴክኖሎጅን ፍልጠትን ስግግር ስራሕቲ ኸ ብኸመይ መገዲ ይስራሕ ኣሎ?**

**ኣይተ ሮቤል፡-** ኣብዚ ሪጅን ዘሎ ሓይሊ ሰብ በቢ መከፋፈሊ ጣብያ ፀገም እንተጋጥም ናይ ፅገና ስራሕቲ ዝሰርሕ 'ዩ። እዚ ስሩዕ ስራሕና 'ውን ስለዝኾነ እዚ ዝኣክል ሰሪሕና ኢልካ እትዛረበሉ ኣይኮነን ። ምኽንያቱም ናይ ኹሉግዜ ስራሕና ስለዝኾነ። እዚ ክንብል እንኽእል ካብ ትልምና ወፃኢ ተዋሳኺ ክንሰርሕ እንተኾይና 'ዩ። ከም ሪጅን ከምዚ ዓይነት ስራሕ ሰሪሕና ኢና ወፃኢ ድማ ቆጢብና ዝብል ስራሕቲ የለዉን።

ዘለዉና ሰራሕተኛታት ፅገና ኾነ ካልኦት ነገራት እንትሰርሑ ብምትሕብባር ስለዝሰርሑ ዘለዎም ዓቕሚን ፍልጠትን ንምዕባይ ዝስራሕ ስራሕቲ ኣለዉ ፤ ፅገና መከፈፋሊ ጣብያታት ብምትሕብባር 'ዩ ዝስራሕ። ንሰራሕተኛታት ሓፀርቲ ስልጠና ንዋሃም ዝግበር ስራሕቲ ኣሎ ። እቲ ስራሕተኛ ብጉጅለ ተረዳዲኡ ብምስራሕ ናይ ፍልጠትን ቴክኖሎጅን ስግግራ ስራሕቲ እናሰርሐ 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- ኣብ መከፋፈሊ ጣብያታት ሕፅረት መቀያየሪ ናውቲ ከምዘሎ ተገሊፅና 'ዩ ፤ እዚ ንምፍታሕ እንታይ ተሰሪሑ?**

**ኣይተ ሮቤል፡-** በቢ መከፋፈሊ ጣቢያ ብምኽንያት ዝነበረ ኹናት ቀሊል ዘይባሃል ናውቲ ዓንዩ 'ዩ። ድሕሪ እዚ ናብ ስራሕ ኦፕሬሽን እንትንኣቱ እንተናኣስ እዚ ሪጅን ናብ ዝነበሮ ንምምላስ ብምባል ዝዓነዉ መስመራትን ኣብ መከፋፈሊ ጣብያ ዘጋጠሙ ፀገማት ዝርዝር ብምሓዝ ኣብ 2015 ዓ.ም ናብ ዋና ቢሮ ሊኢኽና ኢና። ናብ ዝነበሮ ንምምላስ መለዋወጢ መሳርሒ የድሊ 'ዩ እዚ ዓብይ ሕፅረት 'ዩ ዘሎ ፤ እዚ ድማ በቢ መከፋፈሊ ጣብያታት ከም ሕቶ ኾይኑ ምልዓሉ ሓቂ 'ዩ። እዚ ሕቶ ድማ ናብ ዋና ቢሮ ንክምለስ ልኢኽና ኢና። ብሓፈሻ ከም ሪጂን ዘድልዩ ዝርዝራት ክንደይ ዝኣክል በጀት ከምዘድሊ 'ውን ናትና ናይ ዕዳጋ ክፍሊ ዘይሮም ብምርኣይ ካብ ሰብስቴሽን ዝቐርብ ሕቶ ናብ ዋና ቢሮ ነቕርብ ኢና። ዘጋጠሙና ማተርያል ሕፅረት በጀት እንትልቀቕ ኢና ምግዛእ እንኽእል። እቶም ናውቲ ካብ ደገ ዝመፁ ብምዃኖም ናይ ምድንጉይ ኩነታት እንተሃለወ 'ውን ግና እቲ ስራሕ ግዜ ስለዘይወስድ ብቕልጡፍ ንክስራሕ ምስ ዋና ቢሮ እናተዘራረብና ኢና።

በጀት ተፈቒዱ መለዋወጢ ኣቁሑ መፂኦም ትራንስፎርመርን ካልኦትን ተገዚኦም እንድሕር ቐሪቦም ናይ ምምሕያሽ ስራሕ ንምስራሕ ሞያ ዓቕሚ 'ውን ስለዘሎ ዕንቅፋት ክህሉ ኣይኽእልን። ግና ካብ 2015 ዓ.ም ጀሚሩ እዚ 'ዩ ዝሰራሕናዮ ኢልና እንብሎ ነገር የለን ። ዝስርሑ ናይ ኦፕሬሽን ስራሕቲ ብልሽት እንተጋጢሞም ግዝያዊ ፍታሕ እናሃብና ኢና እናሰራሕና ዘለና። ዘላቒ ዝኾነ ናይ ምምሕያሽ ስራሕቲ ግና ሰሪሕና ምባል ኣይካኣልን።

**ወጋሕታ፡- ኣብ ሓደ ሓደ ሰብስቴሽን ሕፅረት ሰብ ከምዘሎ ኣስተውዒልና ኢና ፤ እቲ ስራሕ ናይ 24 ሰዓት ስራሕ 'ዩ ፤ ሕፅረት ሰብ ሓይሊ ካብ ምቕራፍ ዝተሰርሑ ስራሕቲ እንታይ ይመስል ? ኣብዚ ከባቢ ዝርከቡ ፋብሪካታት እኹል ሓይሊ ካብ ምርካብ መንፅር ከመይ ይገልፅዎ?**

**ኣይተ ሮቤል፡-** ኣብ ናትና ሪጅን ክሳብ ኸዚ ሕፅረት ሰብ የለን። ብሓደ ሽፍቲ ሓደ ሰብ እንድሕር ኾይኑ ክርከብ ዝኽእል ሓደ ሰብ 'ዩ። ብስራሕ ምኽንያት ዝጎደሉ ክህልዉ ይኽእሉ 'ዮም ግና ብሕፅረት ሓይሊ ሰብ ምኽንያት ዝበፅሐ ዕንቅፋት የለን። ብፍላይ ድማ ሰብስቴሽን ካብ እኹል ንላዕሊ 'ዩ 'ኳ ተዘይበልናዮ ግና ነቲ ቦታ ዝምጥኑ ሓይሊ ሰብ ኣሎ 'ዩ።

ኣብዚ ሪጅን ዘሎ ችግር ካብ ሓይሊ መፈልፈሊ ርሕቕት እናወሰኽካ ክትኸድ ከለኻ ፀገም ሲስተም እንተጋጥም ፋብሪካታት እኹል ሓይሊ ኣይረኽባን። ካብ ፋብሪካታት ዝቐረብ ቅሬታ ኣለዉ 'ዮም። ግና ከም ርጂን ሒዝና ኮፍ ኣይበልናን። ጉጅለ ብምጥያሽ ቅድሚ ኸዚ 'ውን ዝነበሩ ፀገማት ብፍላይ ድማ ዓበይቲ ዝባሃሉ ፋብሪካታት ዓበይቲ ደንበኛታትና ስለዝኾኑ ንምፍታሕ

**ኣብዚ ሪጅን ዘሎ ችግር ካብ ሓይሊ መፈልፈሊ ርሕቐት እናወሰኽካ ክትኸድ ከለኻ ፀገም ሲስተም እንተጋጥም ፋብሪካታት እኹል ሓይሊ ኣይረኽባን። ካብ ፋብሪካታት ዝቐረብ ቅሬታታት ኣለዉ 'ዮም**

እናሰራሕና መፂና ኢና። ኣብዚ ሐዚ እዋን ዘለዎ ፀገም እንታይ 'ዩ ኢልና ክንርኢ ከለና ብሓፈሻ ኣበዚ ሪጅን ዘሎ ብምኽንያት ኹናት ዝዓነዉ መስመራት ትራንስምሽን ግዝያዊ መፍትሒ 'ዩ ተገይሩ 'ምበር ሙሉእ ብሙሉእ ፅገና ኣይተገበረሉን ። በዚ ምኽንያት ድማ መስመራት ይቆራረፅ፤ኣባና ሪጂን ድማ ብጣዕሚ ምቁርራፅ የጋጥም 'ዩ። እዚ ንምቕራፍም ከም ሪጅን ንምስራሕ ሞኪርና ነይርና ኢና፤ ግና ብናትና ጥራሕ ንምፍታሕ ዝካኣል ኣይኮነን። ኾይኑ ግና ዘሎ ፀገማት ብምፍላጥን ብምፍላይን ስራሕ እናተሰርሐ 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- ኣብ መወዳእታ ዘሕልፍዎ መልእኽቲ እንተሃልዩ?**

**ኣይተ ሮቤል፡-** ኣብዚ ሐዚ እዋን መቐለ ዘለዉ መከፋፈሊ ጣብያታት ድሕሪ ኸዚ ንዝመፅእ ደምበኛ ምክፍፋል ኣይንኽእልን ዝመልኡ 'ዮም። እዚ ቀልጢፍና ፍታሕ ንምሃብ እናሰራሕና ኢና፤ እዚ እንድሕር ተዛዚሙ እንተናኣሰ መቐለን ኸባቢኣን ዘለዉ ፀገማት ክቐርፍ 'ዩ ኢልና ንሓስብ። ኣብ ትግራይ ዝነበረ ፀገም ኹላትና ንፈልጥ ኢና፤ ናብ ዝነበሮ ንምምላስ ንቀፃሊ 'ውን ብዝሓሸ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ንሕብረተሰብ ንምቕራብ ክንሰርሕ ይግባእ።

ቅድሚ ኸዚ ክውሰኹ ተሓሲቦም ዝነበሩ መከፋፈሊ ጣብያታት ኣለዉ ፤መቐለ ዙርያ ኣብ ዓዲ ግራት ፣ እንጥጮ ፣ ኣክሱም ክስርሑ 'ዮም ኢልና ዝተለምናዮም ስራሕቲ ስለዝነበሩ ኣብ ቀፃሊ ዓመት ክስርሑ ይግባእ። ኸዚ ፋብሪካታት ሓይሊ እናሓተቱና 'ዮም ። እዚ ተሓሳቢ ብምግባር መከፋፈሊ ጣብያታት እንሰርሖም ስራሕቲ ኣለዉ።

ቀፂሉ ድማ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ክሕግዘና እንደልዮ ኣብ ምስፍሕፋሕ ስራሕትን ስርቂ ብዝምልከት ኣብ ዝሓለፉ ኽልተ ዓመታት ዓብይ ጉድኣት ኣብፂሑ 'ዩ ፤ ከምዚ እንድሕር ቀፂሉ ንሕብረተሰብ 'ውን እኹል ኤሌክትሪክ ንምሃብ ክንፅገም ኢና። ክሳብ ኸዚ በቢ እዋኑ ስርቂታት ዘጋጥሞም ኸባቢታት ኣብ ዓመት ኽልተ ግዜ ዝነበረና ፍተሻ ናብ ኣርባዕተ ሓሙሽተ ብምግባር ከይድና እናፀገና 'ምበር በቲ ኣጋጢሙ ዝነበረ ስርቂ እኹል ኤሌትሪክ ንምሃብ ኣፀገሚ 'ዩ።

በቢ ወረዳን ጣብያን ዝርከቡ ኣመሓደርቲ ኾነ ነበርቲ እዚ ንብረት መንግስቲ እንድሕር ሓለዋ ዘይገይሮምሉ በቢ እዋኑ ግልጋሎት ምቁርራፅ ሓይሊ ምግጣሙ ኣይተርፍን። እዚ ድማ መንግስቲ ሓላፍነት ወሲዱ ክሕግዘናን ኣብ ማሕበረሰብ ድማ ግንዛበ ምፍጣር የድሊ። ንሕና ከም ሪጅን ኣብዚ ዘሎ ማሕበረሰብ ዘይተቖራረፀ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ንክረክብ ብዝኻኣልናዮ መጠን እናሰራሕና ኢና። እዚ ንምግባር ብሪጅን ጥራሕ ዝፍታሕ ኣይኮነን ብምኽንያት ኹናት ዝዓነወ መስመራት ክቕየሩ ይግባእ፤ ጉድኣት ዝበፅሖም መከፋፈሊ ጣብያታት ምምሕያሽ እንትግበረሎም 'ዩ ዘይተቖራረፀ ሓይሊ ንሕብረተሰብ ክነብፅሕ እንኽእል። እዚ ስራሕ ንምስራሕ ድማ ምስ ዋና ቢሮ ዘለዉ ኣመራርሓታት እናተዘራብና ኢና እዚ ፍታሕ እንድሕር ረኺቡ እቲ ሕብረተሰብ ድማ ዘይተቖራረፀ ሓይሊ ኤሌትሪክ ክረክብ 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- ንዝነበረና ፃንሒት የመስግን።**

**ኣይተ ሮቤል ፡-** ኣነ 'ውን የመስግን።

## ምስጋር ዓሳ...

ንክፈጥሩ ምስ መብራት ሓይልን ነበርቲ እቲ ኸባቢ ስምምዕነት ኣለዎም ኢሎም።

ኣብ ሓይሊ መፈልፈሊ ተከዘ ኣብ ስራሕ ምፅማድ ዓሳ ተዋፊሮም ዝረኸብናዮም ኣይተ ጎይተኦም ኪዱ ፣ነባርነቶም ኣብ ከባቢ ተከዘ እንትኾን ስራሕ ዕድል ካብ ዝተፈጠረሎም እቶም ሓደ 'ዮም። ንሶም ከምዝበልዎ «ኣብዚ ሩባ ብመንግስቲ ተወዲብና ንዓሰርተ ዓመት ዝኣክል ሰሪሕና ኢና ፤ ካብ 2002 ዓ.ም ጀሚርና ኣብዚ እናሰራሕና ኢና ዘለና ፤ ናብ ዒስራን ኽልተን ፍሪጃት ኣለዋና ፤ ኣርባዓን ኽልተን ጀልባ ኣለዋና። እዚ ንዓና ዓብይ ዕድል 'ዩ ተጠቒምና 'ውን ኢና ደቅና በዚ ስራሕ ኢና እናዕበና ዘለና ። ካብዚ ክሳብ ኣዲስ ኣበባ ዓሳ ንልእኽ ነይርና ኢና ፤ መፂኦም 'ውን ይወስዱ ነይሮም ፤እዚ ተከዘ ኣብ ጥቃና ምህላዉ ንዓና ዓብይ ረብሓ ሒዝልና መፂኡ 'ዩ። ክራይ ገዛ ኾነ ናይ መብራህቲ ኽፊልና ኣይንፈልጥን ብነፃ ኢና እንግልገል። ኣብዚ ቀረባ እዋን ብሰንኪ ኮሮናን ኹናትን እቲ ስራሕ ክዝሕል ክኢሉ 'ዩ። ናብ ዝነበሮ ክምለስ 'ዩ ኢልና ተስፋ ንገብር» ኢሎም።

ካልእ ተረባሓይ ኣይተ ገርሴ ግደይ ከምዝበልዎ ድማ «እዚ ሓይሊ መፈልፈሊ ንዓና ዓብይ ዕድል 'ዩ ፈጢሩልና ንዓሰርተ ዓመት ዝኣክል ብዘይ ምንም ወፃኢ ስራሕ ዕድል ብምፍጣር ህይወትና ክንመርሕ ኾይና ኢና። ኣነ ሸውዓተ ቆልዑት ኣለዉኒ በዚ ስራሕ 'የ ዘዕብዮም ። ፈለማ እንትንውደብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ንሓንቲ ጀልባ ኾይና ጀሚርና ፤ ኸዚ ዓሰርተ ሓሙሽተ ጀልባ ብምፍራይ ሓንቲ ጀልባ 2 ሰባት ጥራሕ ኾይና ምስራሕ ጀሚርና። እቲ ምህርቲ ፅቡቕ ስለዝኾነ ክሳብ ኣዲስ ኣበባ ብምልኣኽ ኢና ንሰርሕ» ክብሉ ገሊፆም።

## ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ...

ጣብያታት ምምሕያሽ እንትግበረሎም 'ዩ ዘይተቖራረፀ ሓይሊ ንሕብረተሰብ ክነብፅሕ እንኽእል ዝበሉ ኣይተ ሮቤል ፤ እዚ ስራሕ ንምስራሕ ድማ ምስ ዋና ቢሮ ዘለዉ ኣመራርሓታት እናተዘራብና ኢና ፣ፍታሕ እንድሕር ረኺቡ ዘይተቖራረፀ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ንክረክብ እናሰራሕና ኢና ኢሎም።

ኣብዚ ሐዚ እዋን መቐለ ዘለዉ መከፋፈሊ ጣብያታት ድሕሪ ኸዚ ንዝመፅእ ደምበኛ ምክፍፋል ኣይንኽእልን ዝመልኡ 'ዮም፤ እዚ ቀልጢፍና ፍታሕ ንምሃብ እናሰራሕና ኢና፤ እዚ እንድሕር ተዛዚሙ እንተናኣሰ መቐለን ኸባቢኣን ዘለዉ ፀገማት ክቕርፍ 'ዩ ኢልና ኢሎም ።

## 10 ሚሊዮን ኩንታል ድኹዒ ሓመድ...

ካብቲ ዝተፈፀመ ዕድጊት እቲ 10 ሚሊዮን ኩንታል ናብ ወደብ ጅቡቲ በፂሑ ናብ ውሽጢ ሃገር ንምእታው እናተሰርሐ ምዃኑ ሓቢሮም።

ነቲ ኣብ ወደብ ጅቡቲ ዝበፅሐ ድኹዒ ሓመድ ናብ ማእኸላይ መኽዚን ብምምፃእ ብዩኒየናት ሕብረት ስራሕ ኣቢልካ ናብ ክልላት ተበፃሒ ናይ ምግባር ስራሕ እናተሰርሐ ከምዝርከብ ኣረዲኦም።

ቕድም ኢሉ እኹል ድኹዒ ከምዝኣተወ ዘልዐሉ ኣይተ ከበደ፤ ነቲ ዝኣተወ ድኹዒ ሓመድ ክልላት ከከም ዝበፅሖም መጠን ኮታ ናይ ምዝርጋሕ ስራሕ እናተሰርሐ ይርከብ ክብሉ ገሊፆም።

ፍርያትን መፍረያይነትን ግብርና ሃገርና ንምዕባይ ካብ ዝተዓደገ 19 ነጥቢ ኣርባዕተ ሚሊዮን ኩንታል ድኹዒ ሓመድ ውሽጢ እቲ 20 ሚኢታዊ ዝኸውን ንሕርሻ ፅድያ እናወዓለ ምዃኑ ዝተዛረቡ እቶም ፈፃሚ ስራሕ፤ እቲ 55 ሚኢታዊ ዝኸውን ንሕርሻ ቐውዒ ዝውዕል ከምዝኸውን ገሊፆም።

ነቲ ኣብ ወደብ ጅቡቲ ዝበፅሐ 10 ሚሊዮን ኩንታል ድኹዒ ሓመድ ናብ ውሽጢ ሃገር ናይ ምጉዕዓዝ ስራሕ እናተሰርሐ 'ዩ፤ብሕብረት ስራሕ ማሕበራት ኣቢሉ ናብ ሓረስቶት ተበፃሒ እናገበሩ ይርከቡ 'ውን ኢሎም።

ከምገለፃ ኣይተ ከበደ፤ ኣብ 2014/15 ዓ.ም ዘመን ምህርቲ ንዝተፈጠረ ፀገም ቐረብ ድኹዒ ሓመድ ንምቕራፍ ቕድም ኢሉ ዘተ ተሳሊጡ ስራሕቲ ምምሕያሽ መምርሒ ከምዝተሰርሐ ተዛሪቦም። ኣብ ዘመነ ምህርቲ 2016/17 ዓ.ም ኣብ ቐረብን ዝርግሐን ድኹዒ ሓመድ ፀገም ንኸይፍጠር ስራሕቲ ስርዓት ዕድጊት ምምሕያሽን መሕንቕ ዝነበሩ ፀገማት ምፍታሕን ተሰሪሑ።

ዕድጊት ድኹዒ ሓመድ ብግዚኡ ምፍፃሙ ብመንፅር ዋጋ ኣፈላላይ ከምዘለዎ ብምግላፅ፤ ብተወሳኺ 'ውን እቲ ዕድጊት ቐዲሙ ምፍፃሙ ነቲ ስራሕቲ ምጉዕዓዝ ስሉጥ ብምግባር ናብ ሓረስቶት ብእዋኑ ተበፃሒ ንምግባርን ብልሽው ኣሰራርሓታት ንምቕራፍን ከምዝሓገዞም ሓቢሮም።

ብዝተሰርሐ ስራሕ 'ውን ንመስኖ ሓጋይ እኹል ዝኾነ ድኹዒ ሓመድ ናይ ምዝርጋሕ ስራሕ ከምዝተሰርሐ ጠቒሶም፤ ነቲ ናይ ሕዚ ፅድያን ነቲ ዝመፅእ ቐውዕን እኹል እታዎት ድኹዒ ሓመድ ንምቕራብ እናተሰርሐ ምዃኑ ኣገንዚቦም።

ፍርያትን መፍረያይነትን ሃገር ብዕፅፊ ንምዕባይ ብመስኖ ሓጋይ፣ ብሕርሻ በልጊን ቐውዕን ናይ ምፍራይ ስራሕ እናተሰርሐ ምዃኑ ኣተሓሒዞም።

ኣብ ሃገርና ንዝርከቡ ሃፍትታት ማይ ብምጥቃም መስኖ ሓጋይ ምልማዕን ኣብ እዋን ማይ ከፍርዩ ዝኽእሉ መሬታት ፆሞም ንኸይሓድሩን እናተገበረ 'ዩ ዝበሉ እቶም ሓላፊ፤ በዚ 'ውን ዝለዓለ ውፅኢት እናተረኸበ 'ዩ ክብሉ ኣብሪሆም።

## ብሓገዝ ሻካልን ተሃድሶ ሕክምና...

ብተግባር ትኹረት ዝተውሃቦ ዘፈር ከምዝኾነን ብኹሉ ክልላት ዝርከቡ ትካላት፣ ዩኒቨርስትታት ከምኡ 'ውን መዳርግቲ ኣካላት ሓገዞም ኣጠናኺሮም ንክቕፅሉ ፃውዒቶም ኣመሓላሊፎም 'ዮም።

ብዝተፈላለዩ ግዝያት ኣብ ሃገርና ዝፍጠሩ ጎንፅታትን ብምኽንያት ተፈጥሮን ጉድኣት ኣካላት ዝበፅሖም ወገናት ናይ ኣካል ሓገዝን ሕክምና ተሃድሶ ንክረኽቡ ብኹሉ ክልላት ግልጋሎት ምስፍሕፋሕን ተበፃሒ ምግባር ንምምሕያሽ ሚኒስቴር ጥዕና ምስ ዝምልከቶም መዳርግቲ ኣካላት ብምትሕብባር ግቡእ ዝኾነ ስራሕ እናተሰርሐ ከምዝኾነ ገሊፆም።

ኣብ ክልል ትግራይ ግዝያዊ ምምሕዳር ብምክትል ርእሰ ምምሕዳር ማዓርግ ማሕበራዊ ልምዓት ስግግር ካቢኔ ሴክሬተሪያት ፕሮፌሰር ክንደያ ገ/ህይወት ብወገኖም፣ ብሰብ ሰራሕን ተፈጥሮን ሓደጋታትን ብዝበፅሖም ጉድኣት ኣካል ምኽንያት ህዝቢ ካብ ማሕበራዊ ጉዳይን ካብ ስራሕ ዕንቅፋት ከይፍጠር ብቴክኖሎጂ ዝተደገፈ ናይ ኣካላት ሓገዝን ሕክምና ተሃድሶ ምስፍሕፋሕ ከምዘድሊ ድሕሪ ምግላፅ ኣብቲ ክልል ዝርከብ ናይ ኣካል ሓገዝን ማእኸልን ብበጀት ብዓቕሚ ህንፀት ፣ብሰብ ሓይሊ ከምኡ 'ውን ብካልኦት ስራሕቲ ሓገዝ ንምግባር ኣድላይ ስራሕቲ እናተሰርሐ ከምዝኾነ ንቕድሚት ሓገዞም ተጠናኺሩ ንክቕፅል መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም።

ኣብ ሚኒስቴር ጥዕና ሜዲካል ግልጋሎት መሪ ስራሕ ፈፃሚ ዝኾኑ ዶክተር ኢሊባቡር ቡኖ ከምዝበልዎ፣ሚኒስቴር ጥዕና ንኣካል ሓገዝን ንተሃድሶ ሕክምና ምምሕያሽ እናሰርሐ እንተኾነ 'ውን ብማቴርያል፣ ሰብ ሓይሊ ፣ ቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ስራሕ ንክስራሕ ዝምልከቶም ኣካላት ኹሉ ትኹረት ንክህቡን ኣጋርነቶም ንከረጋግፁ ሓሳቦም ድሕሪ ምቕራብ እቲ ፕሮግራም ኣብ ክልል ትግራይ ንክዳሎ ምግባሩ ሚኒስቴር ጥዕና ትኹረት ንክግበሮ ንምግባርን ብኣካል ጉድኣት ምኽንያት ኣፍረይቲ ዜጋ ብዝድለዮ ስራሕን ካብ ማሕበራዊ ጉዳይ ከይስተጉጎል ኣድላይ ትኹረት ንምሃብ ከምዝኾነን ሚኒስቴር ጥዕና ነቲ ክልል እናገበሮ ዘሎ ስራሕ ምምሕያሽ ስራሕን ሓገዝን ኣጠናኺሩ ክቕፅል 'ዩ ኢሎም።

ኣብቲ ፕሮግራም ኹሎም ክልላት ናይ ኣካል ሓገዝን ሕክምና ተሃድሶ መውሃቢ ማእኸላትን መዳርግቲ ኣካላት ኢግዚብሽን ዘቕረቡ እንትኾኑ ሚኒስቴር ጥዕና ፣ ላዕለዎት ኣመራርሓ ቢሮ ዕና ክልል ትግራይ ከምኡ 'ውን ዝምልከቶም ኣብ ዝተረኸብሉ እቲ እግዚብሽን ብዕሊ ተኸፊቲ ንዑደተኛታ ክፍቲ ኾይኑ 'ዩ።

ኣብ መወዳእታ ማእኸል ኒያ ፋውንዴሽን ጀይ ሆቲዝም ኣብቲ ክልል ዝርከቡ ሓገዝ ንዘድልዮም ማሕበረሰብ ሓገዝ ኽዳውንቲ ዝገበረ እንትኾን እቲ ምድላው ንክሳኻዕ ንዝተሓባበሩ ኣዳለውቲን ፣ዳርግቲ ኣካላትን ምስጋና ምስክር ወረቐት ተዋሂብዎም 'ዩ።

# ብሕፀረት ምግቢ ዝመፅእ ሳዕቤን ንምቕናስ ከባቢያዊ ፍታሕ ኣብ ምምፃእ ዝዓለመ ፕሮጀክት ዕላዊ ኮይኑ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ማሕበር ልምዓት ትግራይ ምስ ዩኒሴፍን ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ትግራይን ብምትሕብባር ኣካላት ኣመራርሓ ወረዳን ዞባ ደቡብን ትግራይ ኣብ ዝተሳተፍሉ ኣብ ሰለስተ ወረዳታት እቲ ዞባ ኣብ ስነ ማዓዛ ኣድሂቡ ኣብ ዝትግብሮ ዝነበረ ብሕፀረት ምግቢ ዝመፅእ ሳዕቤን ንምቅናስ ከባቢያዊ ፍታሕ ኣብ ምምፃእ ዝዓለመ ፕሮጀክት ዕላዊ ገይራ።

እቲ ልዕሊ 6 ሽሕ ህፃናት ካብ 6 ክሳብ 23 ወርሒ ዕድመ ተረባሒ ብምግባር ዝሳለጥ ዝነበረ ተግባር መሰረት ዝገበረ ምዕዳል ተወሳኺ ምግቢ ኤስ.ኪው.ኤል.ኤን.ኤስ መፅናዕቲ ዝተኻየደ ኮይኑ ውፅኢት እቲ መፅናዕቲ ፈለማ ዝነበረ መበገሲ መረዳእታ ሓፈሻዊ ብግዱድ ሕፀረት ምግቢ ተሃስዮም ዝነበሩ ህፃናት 8 ነጥቢ 1 ሚኢታዊ ምዃኑ ተሓቢሩ።

እቲ መፅናዕቲ ምስተወደአ ድማ ናብ 2 ነጥቢ 6 ሚኢታዊ ምንካይ ከምዝተኽኣለ ብሓፈሻ እቲ መፅናዕቲ ዕዉትን ንካልኦት ስራሕቲ መበገሲ መርኣያን ከም ዝኾን ነቲ መፅናዕቲ ይመርሑ ዝነበሩ ፕሮፌሰር ኣፈወርቅ ሙሉጌታ ገሊፆም።

ኣብ ዝሓለፈ ሸሞንተ ኣዋርሕ ዝተኻየደ ውፅኢት መፅናዕቲ ዕላዊ ኣብ ዝገበሩሉ ኣብ ወረዳ እንዳመኾኒ 3ሽሕ225 ከተማ ማይጨው 1ሽሕ890 ኣብ ወረዳ ነቕስገን 1ሽሕ215 ብድምር 6ሽሕ330 ህፃናት 8ነጥቢ1 ሚኢታዊ ግዱድ ሕፀረት ምግቢ ኣብ ልዕሊ ዝነበሮም ዕድሚኦም ካብ 6 ወርሒ ክሳብ 23 ወርሒ ህፃናት መፅናዕቲ ከምዝተኻየደ ሓቢሮም።

ኣዴታት ኣብ ልዕሊ ዝህበኦም ተወሳኺ ኤስ.ኪው. ኤል.ኤን.ኤስ ዝብሃል ሃናፂ ምግቢ ብተወሳኺ፣ መዓልታዊ ክትትል እናተገበረሎም ድሕሪ ምፅናሕን ናብ 2 ነጥቢ 5 ሚኢታዊ ክወርድ ብምግባርን ካብ ዝነበሮም ግዱድ ሕፀረት ምግቢ ምልቓቕ ከምዝተኽኣለ ነቲ መፅናዕቲ ዝመርሑን ውፅኢት እቲ መፅናዕቲ ኣብ ትግበራ እቲ መፅናዕቲ ተሳተፍቲ ንዝነበሩን ብበጀት ዝደገፉን ኣካላት ዕላዊ ዝገበሩ ፕሮፌሰር ኣፈወርቅ ሙሉጌታ ኣረዲኦም።

ነቲ ተግባር መሰረት ዝገበረ መፅናዕቲ ዕላዊ ኣብ ዝተገበረሉ እዋን ተረኺቦም መልእኽቲ ዘሕለፉ ምክትል ፈፃሚ ዳይሬክተር ማሕበር ልምዓት ትግራይ ዶ/ር ተስፋሁነኝ ሃይለማርያም፣ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ምስ ዩኒሴፍን ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ትግራይን ብምትሕብባር እቲ ፕሮጀክት 6ሽሕ330 ህፃናት ወረዳታት እንዳመኾኒ፣ ነቕስገን ከተማ ማይጨውን ተረባሒ ገይሮም፡፡

ብተወሳኺ ኣብ ስነ መዓዛ ዝርኣዩ ከባብያዊ ፀገማት ከባብያዊ ፍታሕን ብምንዳይ ብዘላቅነት ንምፍታሕ ክሳብ ቁሸት ብምዝላቕ ህፃናት ዝከታተላን ነቲ መፅናዕቲ ኣድላይ ዘበለ መረዳእታ እናኣከባ ንክቕርባ ዝተሳተፉ 103 ሰብ ሞያ ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ብካልኦት ሰብ ሞያ ጥዕናን ኣመራርሓ ብምስታፍ ነቶም ህፃናት ዘድሊ ተወሳኺ ምግቢ ብምሃብን ዝተተግበረን ርኡይ ለውጢ ዝተመዝገበሉ ምንባሩ ሓቢሮም፡፡

ነቲ ፕሮጀክት ዘተሓባበረት ኣብ ማሕበር ልምዓት ትግራይ መተሓባበሪ ፕሮጀክቶች ስነ መዓዛ ንግስቲ ፀጋይ ብግዲኣ፣ ግዱድ ሕፀረት ምግቢ ዝነበሮም ህፃናት ደገፍ ብምግባር ካብቲ ፀገም ንምልቓቅን ሕብረተሰብና ከባብያዊ ፀገሙ ከባብያዊ ፍታሕ ብምንዳይ ንቐፃሊ ባይታ ንምንፃፍን ዓሊሙ ብዝተዋደደ መልክዑ ምስራሕ ከምዝተኽኣለን እዚ ንኻልኦት መደባት ንምፍፃም ኣብ ዝግበር ምንቅስቓስ ዓብይ ትምህርቲ ዝተረኸበሉን ምንባሩ ኣረዲኣ።

ኣብ ወረዳ እንዳመኾኒ ሰራሕተኛ ጥሙር ጥዕና ቤተሰብ ዝኾና ወዘሪት ምስራቕ ግርማይን ኣብ ከተማ ማይጨው ብዓልቲ ሞያ ጥዕና ሲስተር ዓወትን ድማ ኣብቲ ፕሮጀክት ስራሕቲ ምእኻብ መረዳእታን ከምኡ'ውን ነቶም ህፃናት ደገፍን ክትትልን እናካየዳ ብምምፅኣን ህፃናት ኣድላይ ዘበለ ክትትልን ደገፍን ብምግባር ርኡይ ለውጢ ንምምፃእ ዘኽእል ልምዲ ከምዝረኸባሉ ገሊፃ፡፡

ከምዚኦም ዝበሉ ፕሮጀክታት ኣብ ህልውና ተረከብቲ ዓዲ ዝኾኑ ህፃናትን ዓድን ዝህልዎ ረብሓ ዓብይ ብምዃኑ ተጠናኺሩ ክቕፅል ምምሕፃናን ካብ ቤት ፅሕፈት ጉዳያት ኮሙዩኒኬሽን ትግራይ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የርድእ።




# ማሕበር ቀይሕ መስቀል ፀገም ሕብረተሰብ ኣብ ምቕላል ዝነኣድ ስራሕ እናሰርሐ ይርከብ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ማሕበር ቀይሕ መስቀል ጨንፈር ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ፀገም ሕብረተሰብ ኣብ ምቕላል ዘይናዓቕ ተራ እናተፃወተ ከምዝርከብ ዋና ፀሓፊ ማሕበር ቀይሕ መስቀል ጨንፈር ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ኣይተ ቴድሮስ ምላው ሓቢሮም።

ከም ገለፃ ኣይተ ቴድሮስ፣ እቲ ማሕበር ኣብ ዝተፈላለዩ ሰብኣውን ማሕበራውን ስራሕቲ ብምንጣፍ ፀገም ሕረተሰብ እናቓለለ ይርከብ፡፡ እቲ ማሕበር ዛጊድ ኣብ ዝሓለፉ 9 ኣዋርሕ ን650 ተመዛበልቲ ንሕድሕድ 9 ሽሕን 2 ሚኢትን ቅርሺ፣ን560 ሓደሽቲ ተመዛበልቲ ኣቑሑት ገዛ ፣ን80 ካብ ስደት ተመለስቲ ንሕድሕድ 26 ሽሕ ገንዘባዊ ሓገዝን ስነ ልቦናዊ ሕውየት ስልጠናን ገይሩ 'ዩ፡፡

ብተወሳኺ 'ውን ንኣዴታትን ህፃናትን ከምኡ 'ውን ሃንደበታዊ ሓደጋ ንዝበፅሖም ወገናት ቅልጡፍ ግልጋሎት ኣምቡላንስን ንሓደ ሚኢቲ ሽሕ ህዝቢ ግልጋሎት ቀረብ መድሓኒት ፋርማሲ እናሃበ ከምዝርከብን ኢሉ 'ውን ኣብ ስራሕቲ ዳግመ ግረባ፣ ምውጋድ ረሳሕ ፈሳሲ፣ ምርኻብ ዝተጣፍኡ ሕብረተሰብ ዕዙዝ ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ ኣፍሊጦም።

ከም መብርሂ እቶም ዋና ፀሓፊ ብሰንኪ ዘጋጠመ ኩናት ምሃብ ግልጋሎት ደው ኣቢለን ዝነበራ ትካላት ጥዕና ምስ ትካል ገባሪ ሰናይ ዩኒሴፍ ብምትሕብባር ብ14 ሚልየን ቅርሺ ንሰብ ሞያ እተን ትካላት ጥዕና ስልጠና ብምሃብ እተን ጥዕና ትካላት ዘለወኦ ብርኪ ግልጋሎት ኣወሃህባ ዳህሳስ ብምክያድን ስራሕ ክጅምራ ኣብ ምግባር ዝነኣድ ስራሕ ከምዝተጀመረ ኣብሪሆም።

ኣብ መወዳእታ እቲ ማሕበር ኣብ ቀረባ እዋን ሓደ ጥዕና ጣብያ ንምኽፋት ምድላዋቱ ከምዝወገነን ንቕድሚት ተጠናኺሩ ንምቕፃል ድማ ገንዘባዊ ደገፍ ተገልጋሊ ሕብረተሰብን ቆላሕታ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ከምዝጠልብ ኣገንዚቦም ክብል ቤት ፅሕፈት ጉዳያት ኮሙኒኬሽን ትግራይ ፀብፂ፡፡



# ስፖርት




## ሲሳይ ለማ ኣብ ውድድር ማራቶን ቦስተን ተዓዊቱ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኢትዮጵያዊ ኣትሌት ሲሳይ ለማ ኣብ ዝሓለፈ ሰኑይ ማለት 7 ሚያዝያ 2016 ኣብ ውድድር ማራቶን ቦስተን ንመበል 128 ግዜ ተዓዊቱ። እዚ ኣትሌት ኣብቲ ዝተኻየደ ንሕንሕ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ ክሳብ መወዳእታ ብምምራሕ ብፀብለልታ ክውድእ እንከሎ ካልእ ኢትዮጵያዊ ኣትሌት መሓመድ ኢሳ ድማ ካልኣይ ደረጃ ክሕዝ ክኢሉ 'ዩ።

ኣብ ዓለምና 6 ዝዓበዩን ብኣትለቲክስ ዓለም ናይ ፕላትንየም ደረጃ ካብ ዝተወሃቦም ናይ ፅርግያ ውድድራት ሓደ ዝኾነ ቦስተን ማራቶን ኣብ ዝሓለፈ ሰኑይ እንትካየድ ልዕሊ ዓሰርተ ዝቐልጠፈ ናይ ማራቶን ግዜ ዘለዎም ደቂ ተባዕትዮ ድማ ነዚ ዓወት ተሳቲፎም። ወዲ 33 ዓመት ኣትሌት ሲሳይ ለማ ኣብ ናይ 128 ዓመታት ታሪኽ እቲ ውድድር ንተወዳደርቲ ብልዕሊ ሰለስተ ደቓይቕ ብምምራሕ ዝተዓወተ ኣትሌት ብምዃን ንብዙሓት ኣገሪሙ 'ዩ። ካሊእ ብዘይካ ሲሳይ፣ ሹራ ቂጣታ፣ ሃፍቱ ተኽሉን መሓመድ ዒሳን ብወገን ኢትዮጵያ ክዕወቱ ተገሚቱ ነይሩ። እቲ ዝተዓወተ ኣትሌት ቅድሚ ሕዚ ኣብዚ መድረኽ ውፅኢት እንተይቐንየ ዝቐረየ እንትኾን ሕዚ ግን ብዘገርም መንገዲ ክዕወት ክኢሉ 'ዩ።

ጉያ ሲሳይ ኣዝዩ ዝድነቕ ብምንባሩ ነቲ ናይ ቦታ ክብረወሰን ክሰብር ተቓሪቡ 'ኳ እንተነበረ ኣብቲ ቦታ ዝነበረ ልዑል ሙቐት ግን ዕንቅፋት ኮይኑዎ 'ዩ። ነዚ ውድድር ንምዕዋት 2 ሰዓትን 06 ደቒቕን 17 ሰከንድን




**ኣትሌት ሲሳይ ለማ**

ዝወሰደሉ እንትኸውን፣ እዚ ኣትሌት እዚ ኣትሌት ቅድሚ ኣዋርሕ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ማራቶን ቫለንሽያ ሓሙሻይ ቕልጡፍ ሰዓት ኣመዝጊቡ ካብ ዘመዝገቦ ግዚኡ ብልዕሊ 5 ደቓይቕ ዝዘንገዐ ኮይኑ 'ዩ። ኣብቲ ውድድር 2 ሰዓት 01 ደቒቓን 48 ሰኮንድን ዝኣተዎ ዝቐልጠፈ ናይ ማራቶን ሰዓት ኮይኑ ከም ዘተመዝገበ ይዝከር 'ዩ። በዚ ውድድር ድማ ብፍፁም ዓብላልነትን ብሰሓቢን ብምጉያይ ነቲ ውድድር ኣብ ርእሲ'ቲ ወርቂ መዳልያ ዝተዓወቶ ንኣትሌታት ዝወሃብ ናይ 150 ሽሕ ዶላር ተዓዋታይ ክኾን ክኢሉ 'ዩ። ናይቲ ቦታ ክብረወሰን ደረጃኡ እንተዘመሓይሽ ነይሩ ተወሳኺ 50 ሽሕ ዶላር ቦነስ ኣብ ጁባኡ ክኣቱ ይኽእል ነይሩ።

እዚ ኣትሌት ኣብ ቫለንሽያ ዝሰርሖ ታሪኽ ኣብ ጎደና ቦስተን ክደግሞ ትፅቢት እኳ እንተነበረ ነቲ ክብረወሰን እንተይሰበረ ግን ክዕወት ክኢሉ 'ዩ። ኣብዚ ውድድር ክዕወት ትፅቢት ተገይርሉ ዝነበረ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ኣብዚ መድረኽ ተዓዊቱ ዝነበረ ኬንያዊ ኢቫንስ ቸቤት እንትኾን ኮይኑ ግና ብዝግባእ ምስ ሲሳይ ክፈታተን ብዘይምኽኣሉ ብሰፊሕ ኣፋላላይ ተሳዒሩ 'ዩ።

ሲሳይ ናይቲ ውድድር ዓስራይ ቕልጡፍ ሰዓት ብምምዝጋብ ምስ ሰዓረ ርኢትኡ እንትህብ ‹‹ብቕልጣፈ ንምጅማር ከምዝደሊ ወሲነ ወሲነ፣ ቕልጠፈይ ብምሕላው 'ውን ተዓዊተ ኣለኹ›› ይብል። ናይ 2021 ናይ ለንደን ማራቶን ሻምፕዮን ዝኾነ ኣትሌት ሲሳይ ኣብ ቫለንሽያ ውድድሩ ክብረወሰን 2፡02:00 ዝኾነ ዝቐልጠፈ ሰዓት ብምምዝጋብ ታሪኽ ምስርሑ ዝዝከር 'ዩ። ኣብ ውድድር ማራቶን ቦስተን ተዓዊቲ ዋላ እንተኾነ ዕስራን ሓደን ኪሎ ሜትር ብ1፡00፡19 ብምጉያይ ነቲ ኣብ 2011 ዓ.ም.ፈ ብጀፍሪ ሙታይ ተታሒዙ ዝነበረ ክብረወሰን ክሕዝ ክኢሉ 'ዩ።

ኢትዮጵያዊ ኣትሌት መሓመድ ዒሳ ኣብ መዛዘሚ ኪሎ ሜትራት ምስቲ ተዓዋቲ ኣትሌት ዝነበሮ ፍልልይ ኣፅቢቡ ብ41 ሰከንድታት ብምዝንጋዕ ካልኣይ ደረጃ ሒዙ ወዲኡ 'ዩ። መሓመድ ነቲ ውድድር ንምውዳእ 2፡06፡58 ሰዓት ወሲድሉ 'ዩ። በዚ ድማ 75 ሽሕ ዶላር ክሸለም ክኢሉ። ኣብ ናይ ዓሚ ውድድር ተዓዋታይ ዝነበረ ኬንያዊ ኢቫንስ ቸቤት ብ2፡07፡22 ሰዓት ሳልሳይ ደረጃ ብምሓዝ ውድድሩ ዛዚሙ 'ዩ።

ብኻሊእ ወገን ኣብቲ ኣብ መንጎ ደቂ ኣንስትዮ ዝተኻየደ ብርቱዕ ውድድር፣ ኬንያዊት ሄለን ኦቢሪ ዳግማይ ክትዕወት ክኢላ 'ያ። ካብ መጀመርታ እቲ ውድድር ክሳብ መወዳእታ ምስ ኢትዮጵያውያን ኣትሌታት ዝነበረ ሓያል ንሕንሕ ኢትዮጵያውያን ኣትሌታት ዓወት ኣይቀንዐንን። ኣትሌት ቡዜ ዲሪባ፣ ወርቅነሽ ኢዴሴ፣ ኣባብል የሻነህን ሰንበሬ ተፈሪን ብናይ ጋንታ ስራሕ ንሄለን ኦቢሪ ንምድኻም ዝፈተና እንትኾና ንናይ ሓባር ስራሕ ኬንያውያን ክፃወራ ስለዘይከኣላ እቲ ዓወት ብናይ ዓሚ ተዓዋቲት ኬንያዊት ተዛዚሙ 'ዩ።

ኬንያውያን ኣትሌታት ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ 'ውን ክሕዛ እንከለዋ ኢትዮጵያውያን ኣትሌታት ድማ ራብዓይን ሓሙሻይን ደረጃ ብምሓዝ ወዲአን 'የን። ኣትሌት ቡዘ ድሪባ 4ይ ደረጃ ብምሓዝ ክትዛዝም እንተላ ሰንበሬ ተፈሪ ድማ 5ይ ደረጃ ብምሓዝ ዛዚማ 'ያ። ወርቅነሽ ኤደሳ 7ይ፣ ጡርዬ መስፍን 9ይ፣ ዴራ ዲዳ 10ይ፣ ስራነሽ ይርጋ ድማ መበል 11 ኮይነን ውድድረን ዛዚመን 'የን። በዚ መሰረት 4ይ ደረጃ ሒዛ ዝዛዘመት ኣትሌት ናይ 25 ሽሕ ዶላር፣ 5ይ ደረጃ 18 ሽሕ ዶላር፣ 7ይ ደረጃ 10 ሽሕ ዶላር፣ 9ይ ደረጃ 7 ሽሕ ዶላር፣ 10ይ ደረጃ 5 ሽሕን 500ን ዶላር ተሸሊመን 'የን።

## ስራሕቲ ምዕቓብ ታሪኻዊ ቅርስታትን መስሕብ ቱሪዝም

**መኣዲ ጥበብ**

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ሃገርና ብብርኪ ኣህጉር ይኹን በዓለም ካብ ዝትልለይሎም ሓደ ብዘለዋ ዕቑር ሃፍቲ መስሕብ ቱሪዝም 'ዩ እንትተበሃለ ካብ ሓቂ ዝረሓቀ ኣይኸውንን።መረዳእታት ታሪኽን ኳዕቲ ኣርኪኦለጂ ከምዘሕብርዎ ድማ ትግራይ ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ንመበቆል ጥንታዊ ስልጣነ መርኣያ ካብ ዝኾኑ ከባቢታት ብቐዳምነት ዝትፅራሕ 'ያ። ብተወሳኺ ድማ መእተዊ በሪ ቐዳሞት ሃይማኖታት ውን 'ያ። ኣብ ዓለምና ካብ ጥንቲ ጅሚሩ ክሳብ ሐዚ ብሚሊዮናት ዝቐፀሩ ኣመንቲ ዝነበርዎምን ዘለዎምን ሃይማኖታት ኦሪት፣ ክርስትናን እስልምናን በትግራይ ኣቢሎም ኣትዮም ናብ ኢትዮጵያ ከምዝተሰፋሕፍሖ 'ዩ ኣብ ፅሑፋት ታሪኽ ዝግለፅ።

ነዚ ሓቂ ካብ ዝምስክሩ ዝተፍላለዩ ሓድግታት ትግራይ ድማ ካብ ከተማ መቐለ ናብ ዓዲ ግራት ካብ ዝወስድ ፅርግያ መንገዲ 60 ኪሎ ሜትር ወይ ድማ ካብ ከተማ ውቕሮ ንኣንፈት ሰሜን 10 ኪሎ ሜትሮ ርሒቃ ኣብ ዝትርከብ ኣብ ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ ንእሽተይ ከተማ ነጋሽ ዝትርከብ ድሪሕ ኣልነጃሺ ሓደ 'ዩ።

ነጋሽ ሰዓብቲ ነብይ መሓመድን ገለ ቤተሰቡን ካብ መካ መዲና ተሰዲዶም ዘዓረፉላን፤ ፈላመይቲ ሰዓብቲ እስልምና ሃይማኖት ከይተሸቑረሩ እምነቶም ብነፃነት ዘካየዱላን ገለገሊኦም ድማ ዝተቀበሩላ 'ውን ስፍራ 'ያ። እዚ ብምዃኑ ድማ ኣብ ታሪኽ እስልምና ዓብዪ ቦታ ዝወሃቦ ስፍራ 'ዩ። ኣብ ሃገርና ብመንፈሳዊነትን ብፈላማይነቱን ኣብ ዓለም ካብ ሰዓብቲ እቲ እምነት ዝለዓለ ደረጃን ክብሪን ዘለዎ መስጊድ ነገሽ "ዳግማዊ መካ" ተባሂሉ ብሰዓብቲ ሃይማኖት እስልምና ዝግለፅ መስሕብ ቱሪዝም 'ውን 'ዩ።

ታሪኽ ነጋሽ ካብ ሻብዓይ ክፍለ ዘበን 'ዩ ዝጅምር። ነብይ መሓመድ ኣብ ሃገሮም ሃይማኖት እስልምና ምስባኽ ኣብ ዝጀመርሉ እዋን ተኸተልቶም ቁረይሽ ብዝብሃሉ ዓሌት እናተሃደኑ መጥቃዕቲ ይበፅሖም ኣብ ዝነበረ፤ 'ቶም ነብይ ድማ "ዓዲ ፍትሒን ርትዕን" ኢሎም ዝፅውዕዋ ናብ ዝነበሩ ምድሪ ሓበሻ ንክኸዱ ብምሕባር



ኣመላኺቶም ሰዲዶሞም 'ዮም። እቶም ሰዓበቲ ነብዩ መሓመድ ዕቁባ ንምርካብ ከም ኣቆፃፅራ ፈረንጂ ብ615 ብመካ መዲና ኣቢሎም በኽልተ ጉዕዞ (ሂጅራ) ናብ ኢትዮጵያ ዝኣተዉ እንትኾኑ፤ እቶም መጀመርያ ዝመፁ 16 ሰባት 11 ደቂ ተባዕትዮን 5 ደቂ ኣንስተዮን 'ዮም። በቲ ኻልኣይ ጉዕዞ (ሂጀራ) ዝመፁ ተኸተልቲ ነብዩ መሓመድ ድማ 101 ኮይኖም፤ 83 ደቂ ተባዕትዮን 18 ድቂ ኣንስትዮን 'ዮም። ካብተን ደቂ ኣንስትዮ ሓንቲ ሩቅያ /ጓል ነብዩ መሓመድ/ ሓቢባን ሰልማን /ሂንዲ/ ደሓር ናይቶም ነብዩ በዓለቲ ቤቶም ዝኾና/፣ ከምኡ 'ውን ጃዕፈር ኢብን ኣቡጣሊብ/ ወዲ ሓወቡ ኦም ንነብይ መሓመድ/ ይረከብዎም።

ከምዝፍለጥ ታሪኻዊ ቅርሲ ነጋሽን ካልኦት ከምዚኦም ዝበሉን ሃይማኖታዊ ቦታታት መስሕብ ቱሪዝም ብብርኪ ኢትዮጵያ ይኹን ከም ክልል ትግራይ ትኹረት በፃሕቲ ዓዲ ዝበለፀ ብምስሓብ ዓብይ ግደ ከፃወቱ ካብ ዝኽእሉ ቅርስታት 'ዮም። ኣብዚ ብዛዕባ ነጋሽ ታሪኻዊ ቅርሲን መስሕብ ቱሪዝምን ዘልዐልኩሉ ብዘይምኽንያት ኣይኮነን።ከምዝፍለጥ ደሪሕ ኣልነጃሺ ብዘጋጠመ ኣዕናዋይ ኲናት ንዝበፅሖ ሓደጋ ምፍርራስ ስዒቡ ክሳብ ሐዚ ስለ ዘይተፀገነ ቅርስታት እቲ ደሪሕ እናተበላሸው ከምዝርከቡ እናተገለተፀ ስለ ዘሎ እኹል ቆላሕታ ክግበረሉ ስለዝግባእ 'ዩ።

ነበርትን ኣገልገልቲ እቲ ደሪሕን ከም ዝበልዎ፤ ንፈለማ እዋን ስሓባታት ነብዩ መሓመድ ካብ ስዑድ ዓረብ ኣብ መበል ሻብዓይ ክፍለዘመን ብምምፃእ ዝዓረፍሉን ካብ መካ ቀፂሉ ዝለዓለ ሃይማኖታዊ ስፍራ ተባሂሉ ዝእመነሉ ደሪሕ ኣልነጃሺ ኣብ 2013 ዓ.ም ብዘጋጠመ ኲናት ከባድ ዕንወት ከም ዘጋጠሞን በቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ቁባ፣ሚናራን ኣዳራሽን እቲ ደሪሕን መስጊድን ጉድኣት ዘጋጠሞም ኮይኑ ዝናብ ኣብ ዝወቕዐሉ እዋን ንዋየ ቅዱሳንን ጥንታዊ መቓብራንት ማይ ይፈሶም ስለ ዘለው እናተበላሸው ይርከቡ ኣለዉ።

ነዚ ኣብ ዓቢ ሓደጋ ዘሎ ቅርሲ ደሪሕ ነጋሽ ኣብ ቀረባ እዋን መንግስቲ ቱሪኪ ነቲ ዝፈራረሰ ደሪሕ ከፀግኖ ከም ዝኾነ ዕላዊ ዋላ እንተተገበረ ክሳብ ሐዚ ግና እዚ ዝበሃል ምንቅስቓስ ከም ዘይተጀመረ ብምረዳእ፤ እዚ ታሪኻዊ ቅርሲ ቅድሚ ክረምቲ ምእታው እንድሕር ዝኮነ ይኹን መፍትሒ ዘይተገይርሉ ክጋጥም ዝኽእል ዕንወት ዝገደደ ከም ዝኸውን ብምሕባር፤ ነበርትን ኣገልገልቲ እቲ ደሪሕን ስግኣታቶም ክገልፁ ይስማዕ ኣሎ።

ስለ ዝኾነ እዚ ዓብዪ ዋጋ ካብ ዘለዎም ታሪኻዊ ቅርስታትና ሓደ ዝኾነን ኣብ መስሕብ ቱሪዝም ኢትዮጵያ ኾነ ኣብ ቱሪዝም ትግራይ መተካእታ ዘይርከበሉ ደሪሕ ኣልነጃሺ ካልኦት ፀጋታት ቱሪዝምን ንፅባሕ ከይተበሃለ ልዑል ቆላሕታ ብምሃብ ንበፃሕቲ ንምልላይን ንመዕቃብን ምስ ኩሎም ዝምልከቶም መዳርግቲ ኣካላት ብምትሕብባር ክስራሕ ይገባእ።